ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.52 | ዓርቢ 30 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣብ ክወታ ለይቲ ካብ ድቃስ ምብርባር ጸገም ድዩ፧

ገጽ 3
ኣመሪካን ኢራን ዳግማይ ክተጥቃዓ ተኽእሎ ኣሎ ድዩ፧

ገጽ 4

" ዕላማና ኤርትራ ...

ገጽ 5
ዕቃብ ብረት መስርዕ ሰሜንን...

ገጽ 7
ምልክታ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምኽባር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት መሰረታዊ ከምዝኾነ ገሊጹ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ምኽባር ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት መሰረታዊ ከምዝኾኑ፡ ንማዕከን ዜና ‘ስፑትኒክ’ ናይ ሩሲያ ኣብ ዝሃቦ ቃል-መሕትት ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ንዝምድናታት ኤርትራን ፌደረሽን ሩሲያን፣ ዞባውን ዓለማውን ኩነታትን ምዕባለታትን፣ ዝምድና ሩሲያ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ከምኡ’ውን ስትራተጂያዊ ሽርክነት ከይምዕበል ዝዕንቅፍ ዘሎ ዓለማዊ ብድሆታትን ማሕንቖታትን ዘተኩረ ቃለ-መሕትት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ከይተኸብረ፡ ምቹእ ባይታ ንምትሕብባርን ሽርክነትን ክህሉ ከምዘይክእል ኣነጺሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ንምምዕባል፡ ፈለማ ዓለማዊ ማሕንቖታት ብቐንዱ ድማ ማሕንቖ ዓለማዊ ማላዊ ስርዓት ፍታሕ ክረኽብ ከምዘለዎ ጸቒጡ ብምዝራብ፡ እዚ ከይተፈትሐ - ብዛዕባ ንግዲ፡ ወፍሪን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ምዝራብ ትርጉም ከምዘይብሉ ኣብሪሁ።

ብዘይካ’ዚ፡ ቡብከባቢኡ ዝርአ ግጭታት፡ ውጥረት፡ ፖለቲካዊ ጸቕጢ፡ እገዳን ናይ ምድራት ፖሊሲን፡ ንስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝዕንቅጽ ዘሎ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ቅድም ቀዳደም እዚ ክውገድ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ዝተሳተፎ 3ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩሲያን፡ትማሊ 29 ጥቅምቲ ኣማሲያኡ ተዛዚሙ።

ኣብ’ዚ “ንሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን” ብዝብል ቴማ ኣብ ህንጻ ቤተ-መንግስቲ ክረምሊን ዝተኻየደ ዋዕላ፡ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ንዕላማታት ዋዕላ ሩሲያን ኣፍሪቃን ንዘለዎም መርገጺ፣ ከምኡ’ውን ምስ ፌደረሽን ሩሲያ ኣብ ቁጠባ፡ ጸጥታ፡ ወፍሪ፡ ምስግጋር ቴክኖሎጂ፡ ውሕስነት መግቢ፡ ሕርሻን ምዕሩይ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ኣፍሪቃን ዝግበር ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ዝምልከት ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ኣብ’ዚ ንክልተ መዓልታት ዝተኻየደ ዋዕላ፡ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ልዕሊ 50 ሃገራት፡ ከምኡ’ውን ኣህጉራውያን ውድባት ተሳቲፎም።

ደቡብ - ገምጋም ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ተኻዪዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ብምግምጋም ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ዝዓለመ ርኽብ፡ ብ26ን 27ን ጥቅምቲ ኣብ መንደፈራ ኣካዪዱ።

ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ ዝተሳተፉ ኣስታት 46 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 21,509 ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ 66 ሚእታዊት ከምዝነበረ፡ ኣወሃሃዲ ሃገራዊ መርመር 8ይ ክፍሊ መምህር ኣስመሮም ሳሲኖስ ገሊጹ።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ዝተመዝገበ 72.4 ሚእታዊት ውጽኢት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምንካዩ፡ እቲ ጠንቂ ፈሊጥካ ንምምሕያሹ ዕቱብን ውሁድን ስጉምቲ ክውሰድ ዘድሊ ከምዝኾነ’ውን ኣገንዚቡ።

“ቤት-ትምህርቲ ንርእሰ-መምህራ’ያ እትመስል” ዝበለ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብትዝጊ ኪዳን ብወገኑ፡ ብልዑል ጻዕሪ ምስራሕ ናብ ዓወት ስለዝመርሕ፡ መምህራን ጻዕሮም ብምሕያል ዕዉታት ተመሃሮ ንኸፍርዩ ክጽዕቱ፣ ከምኡ’ውን ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣመሓደርቲ ከባቢ ድማ ብፍላይ ኣብ ምዕዋት መደባት ትምህርቲ እጃሞም ክበርክቱ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልዑል ውጽኢት ናይ ዘመዝገባ ንኡሳን ዞባታት ሰገነይቲ፡ ማይ-ዓይኒን ዓዲ-ቐይሕን ተመኩሮ ተራእዩ፡ ውሽጣውን ግዳማውን ጽልዋታት ኣብያተ-ትምህርቲ ክድህሰስ ጸዊዖም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ወኪል ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር ኣብርሃም ርእሶም ብወገኑ፡ ዝደኸመ ተመሃራይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ መምህር ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ንምብራኽ፡ ካብ መባእታ ኣትሒዝካ ክስራሕ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንኣበርክቶ ኮም ኣብ ምውዳድ መሰረታዊ ትምህርቲ ብምምጓስ፡ መማእዘኒ ሓሳባት ኣቕሪቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ንኣጀማምራ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ዝምልከት ዘተ ኣካዪዱ።

ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ኣብ ከውታ ለይቲ ካብ ድቃስ ምብርባር ጸገም ድዩ፧

ዋላ ከበድ ድቃስ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ከውታ ለይቲ ሃንደበት ክበራበር ንቡር እዩ። ገለ ሰባት ቀልጢፎ ዳግማይ ድቃስ ክወስዶም ይኽእል። ዳግማይ ምድቃስ ጋዶ ዝኾኖም'ውን ኣለዉ። ኣብዞም ቀዳሞት ዓይነት ሰባት፡ ከም ጸገም ዝርአ ኣይኮነን። ዳግማይ ክትድቅስ ዘጸግመካ ምስ ዝኸውን ግን፡ ሰብነትካ ካብ ድቃስ ዘድልዮ እኹል ዕረፍቲ ክረክብ ስለ ዘይክእል፡ ዘይንቡር ድኻም ክስመዓካ ቀጨውጨው ክብለካን ይርኣ። እቲ ጸገም ንተኸታተልቲ መዓልታት ምስ ዝደጋገም ብፍላይ፡ ቀላሕታ ዘድልዮ ምኽኑ ዘይምዝንጋዕ።

ስለምንታይ እዩ ድቃስ ዘቋርጽ፧

ድቃስ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ኣገዳሲ እዩ። ልዋም ድቃስ፦

- ሽውሃት፡ ሜታቦሊዝም፡ ኣካላዊ ዕብየትን ኣካላዊ ፍወሳን ንዝቆጻጸሩ ከዝዕታት (ሆርሞናት) የመዓራሩ፡
- ንንጥፈታት ሓንጎል ከም'ኡ'ውን ንናይ ምድሃብን ምፍራይን ዓቕምና የዐቢ፡
- ብሕማም ልቢ ንኽንጥቃዕ ዘለና ተኽእሎታት የጉድል፡
- ኣካላዊ ዓቕምናን ግዝፈ ሰብነትናን ክንቆጻጸር የኽእል፡
- ንተኽእሎታት ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማማት የጉድል ወዘተ።

ቀንዲ ምኽንያት ካብ ድቃስ ምብርባር

ኣብ ግዜ ለይቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ካብ ድቃስ ክንበራበር ንኽእል ኢና። ተመራመርቲ ገለ ካብዞም ካብ ድቃስና ከበራብሩና ዝኽእሉ ጠንቅታት ኣቐሚጦም ኣለዉ።

ኩሉ ሰብ ናይ ድቃስ ባህርኡ ዝተፈላለየ እዩ። ጥዕናዊ ኩነታት፡ ዕድመ፡ ከባቢያዊ ኩነታት፡ ኣመጋግባ፡ ከም'ኡ'ውን ትወስዶ ዓይነት መድሃኒት ኩሎም ድቃስ ከይጸንዕ ኣብ ምብርባር ኣዝዩ ጽልዋ ኣለዎም።

ጥዕናዊ ኩነታት (ወይ ኣፍ ምሕራጽ)

ካብ ተራ ጉንፋዕ ጀሚርካ ክሳብ ሕማማት ሳንቡእ ዘለዉ፡ ሓያሎ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ልዋም ድቃስና ኣብ ምዕንቃፍ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎም። ብሰንኪ ቀሓር ካብ ዝፍጠር ምቅጻል ኣፍንቢ ጀሚርካ ክሳብ ሰላ ቆርበት ልዋም ድቃስ ንኽይትረኽብ ዕንቅፋት ዝኾኑ ጠንቅታት እዮም። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ገለ ኩነት ኣብ ግዜ ለይቲ ዝፍጠር ምብርባር ድቃስ፡ ምልክት ናይ ጸገም ድቃስ ክኸውን ከም ዝኽእል ክኢላ ድቃስ ዝኾነት ዶክተር ማርታ በሊንግስ ትዛረብ፡ "ምቁርራጽ እስትንፋስ፡ ሓደ ካብ ጠንቂ ምብርባር ካብ ልዋም ድቃስና እዩ" ትብል።

ኣብ እዋን ድቃስ ዝርአ ምቁርራጽ እስትንፋስ ሓደ ካብ ጸገማት ድቃስ ኮይኑ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' (Sleep apnea) ይበሃሃል። ኣብ እንድቅሰሉ እዋን ኣየር ዘውጽእ ላዕለዋይ ሻምብቆ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ምስ ዝዕጾ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም ምኻኑ ሓካይም ይገልጹ።

ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎ ሰብ፡ ደቂሱ እንከሎ፡ እስትንፋሱ ብተደጋጋሚ ከቋርጽን ክጀምርን እዩ ዝርአ። ምሉእ ድቃስ ወዲእካ ኣብ እትበራበረሉ እዋን፡ ብተደጋጋሚ ሓያል ትህንጥሰን ናይ ምስልካይ ስምዒታት ይረኣየካን ምስ ዝህሉ 'ስሊፕ ኣፕኒያ' ኣጋጢሙካ ክኸውን ስለ ዝኽእል ሕክምናዊ መርመራ ኣካይድ።

ምቁርራጽ እትንፋስ ኣብ ግዜ ድቃስ ዘለዎ ሰብ፡ ምስ ከም ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡ ወቕዒ ወይ ምስ ልዑል ጸቕጢ ደም ምትእስሳር ስለ ዘለዎ፡ ምጥንቃቕ ከም ዘድሊ ዶክተር በሊንግስ ትመኽር።

ኣፍሲ ጻራት፡ ኣብ ከበድን ዘሎ ዕሸል ብዘርእዮ ዕበየት ተደጋጋሚ ካብ ድቃስ ከም ዝበራብሩ እትሕብር በሊንግስ፡ ኑቲ ዝንደለን ሰዓት ድቃስ ንምትካእ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ'ውን እንተተኻእለ ዕረፍቲ ክረኽባ ከም ዘለወን ትገልጽ።

ጭንቀት ወይ ወጥሪ ምስ ዝህልወካ

ዝኾነ ከም ወጥሪ፡ ጭንቀት ወይ ጓሂ ዝኣመሰሉ ንጥዕና ሓንጎል ዝፈታትኑ ጸገማት፡ ልዋም ድቃስ ንምርካብ ቀንዲ ዕንቅፋት እዮም ዝኾኑ።

"ዘይንቡር ኩነት-ኣእምሮ ዝፈጥሩ ሻቕሎትን ወጥርን ዝኣመሰሉ ስምዒታት፡ ብስእነት ድቃስ ከም እትጥቃዕ ዝገብሩ ቀንዲ ምኽንያት እዮም" ትብል ዶክተር በሊንግስ።

ዕድመ

ዕድመ እናደፋእካ ኣብ እትኸይደሉ እዋን፡ ትድቅሰሉ ሰዓታት እናውሓደ እዩ ዝኸይድ። ከምቲ ብቐሊሉ ድቃስ ክወስደካ ከበድ ዝኸውን፡ ካብ ድቃስካ ሓንሳብ ምስ ተበራቢርካ ዳግማይ ልዋም ድቃስ ክትረክብ ኣጸጋሚ እዩ።

"ዕድመ እናደፋእና ብዝኸደና እዋን፡ ድቃስና ዝተቖራረጸን ዕምቆት ዘይብሉን እዩ ዝኸውን። ኣብ ቅድመ ንጽሬት-ጾክ ዝኣተውት ጓለንስተይቲ'ውን ብስእነት ድቃስ ተጠቃዒት ኢያ።" ትብል ዶክተር በሊንግስ።

እዚ ዝኾነሉ፡ ምስ ዕድመ፡ ስምዒታትና ንምቍጽጻር ሰብነትና ኣብ ዘመንጭዎም ሆርሞናት ለውጥታት ስለ ዘጋጥም ምኻኑ ዶክተር በሊንግስ ተሰምረሉ።

ከባብያዊ ኩነታት

ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ኩነታት ኣብ ኩነታት ድቃስካ ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ጠዓሞት ደልዩም ኣብ ከውታ ለይቲ ካብ ድቃስ ዝበራብሩ ቀልዑ ምስ ዝህልዉኻ፣ መዘሓ ወይ ካልእ ንጥፈታት እናካየደ ዝርብሽ ጎረቤት ምስ ዘጋጥመካ፣ ለይቲ ለይቲ ዝሕርንኽ ወይ ዝሑብሕ ናይ ገዛ እንስሳ ኣብ ጥቓኻ ምስ ዝህሉ ወዘተ ኩነታት ድቃስካ ክርበሽ ንቡር እዩ።

ኩነታትን ጽሬትን ናይቲ ትድቅሰሉ ክፍሊ'ውን ልዋም ድቃስ ኣብ ምርካብ ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ።

"እኹል ጽሩይ ኣየር ዘይብሉ፡ ወይ ልዑል ሙቐት ኣብ ዘለዎ ክፍሊ ልዋም ድቃስ ክትረክብ ጸገም እዩ" ዝበለት ዶክተር በሊንግስ፡ ኣብ እንድቅሰሉ ዓራትን ጽሬት ናይቲ ንገጽና ክዳንን ግቡእ ቀላሕታ ክንገብር ትዛረብ።

ኣብ ግዜ ድቃስ ብዙሕ ምብላዕ ወይ ምስታይ

ኣብ ሰዓታት ድቃስ ንወሰዱ ዓይነትን ብዝሕን መግቢ፡ ኣብ ዓይነት ዝወስደና ልዋም ድቃስ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

"ናብ ዓራት ክንድይብ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ ከም ካፌን ዘለዎም ዓይነት መስተ፡ ቸኮሌትን ሻሂን ክንወስድ የብልናን" ትብል ዶክተር በሊንግስ። ኣልኮላዊ መስተ ቀንዲ ጠንቂ ምኩላፍ ድቃስ ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ።

ኣብ ድራር ንወስዶ ዓይነት መግቢ'ውን ብዙሕ ክኸውን የብሉን። ተመጊብካ ናብ ዓራት ምድያብ፡ ንድቃስ ምዕንቃፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት'ውን እዩ።

ቅድሚ ምድቃስና ሻሂ ናይ ምስታይ ልምዲ ምስ ዝህልወና፡ ካፌን ዘይብሉም ከም ናይ ካምሚላ ወይ ዝንጅብል ሻሂ ክንስቲ ይምረጽ።

ደረጃታት ኣብ ሰዓታት ድቃስ

ትማሊ ለይቲ ክንደይ ሰዓታት ደቂስካ፧ ቅድሚኡ ኣብ ዝበረት ለይቲ ኸ፧ ኣብ ቅማረ ሰዓታት ድቃስ ናብ ዓራት እትድይበሉን ካብ ዓራት እትትንስኣሉን ሰዓታት ጥራይ ኣይኮነን ግቡእ ቀላሕታ ዘድልዮ። ኣብ ሓደ ለይቲ እኹል ድቃስ ምርካብ እዩ እቲ ንጥዕና ዝበለጸ።

ብንጹር ክንደይ ሰዓታት ድቃስ ከም ዝረኸብካ ንምፍላጥ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ሓደ ለይቲ ትረኽቦ እኹል ድቃስ ግና ንኹሉ ደረጃታት ጥዕናኻ - ንኽብደት ሰብነትካ፡ ንስርዓት ሜታቦሊዝም፡ ንንጥፈታት ሓንጎል ወዘተ እዩ ዝጸልዎ።

መብዝሕትኦም ሰባት ካብ ድቃስ ዝበራበሩሉ ወሰኑ ሰዓታት እዩ ዘለዎም። "ሰዓት ክንደይ ናብ ዓራት ትድይብን ልዋም ድቃስ ይጀምረካ፧" ዝበል ሕቶ ግና፡ ብኹነታት ማሕበራዊ ህይወት፡ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ መምርሒታት ናይ ስድራ ወዘተ ብዝኣመሰሉ ኩነታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ሰዓት ክንደይ ክትበራበር ከም ዘለካ ትፈልጥ እንተ'ኾንካ፡ ጥዕናኻ ምእንቲ ክትሕሉ ሰዓት ክንደይ ክትድቅስ ኣለካ ክትፈልጥ ግቡእካ እዩ።

ክንደይ ዝኣክል ድቃስ እዩ ዘድልየና፧

ክንደይ ሰዓታት ድቃስ የድልየና፡ ኣብ ምሉእ ዕድመና እናተቐያየረ እዩ ዝኸይድ። ናእሽታት ኣብ መዓልቲ ክሳብ 17 ሰዓታት ድቃስ የድልዮም። ዓበይቲ ኣባጽሕ ግና ኣብ መዓልቲ ክሳብ 7 ሰዓታት ጥራሕ ክድቅሱ ይኽእሉ እዮም።

ቀንዲ ምልክታት ምኩላፍ ሰዓታት ድቃስ

ሓደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ብሰንኪ ብዝተፈላለዩ ናይ ህይወት ብድሆታት ናይ ድቃስ ዘይምቱእነት ይስምዖ። እዚ ግን ንቡርን ግዝያውን ኮይኑ ቀልጢፉ ዝጠፍእ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ንዊሕ ምስ ዝቕጽልን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይቲ ሰብ ጸገም ዝፈጥርን ምስ ዝኸውን ግና፡ ሕክምናዊ ምኽሪ የድልዮ። ገለ ካብ ጸገም ስርዓት ድቃስ ዘለዎ ሰብ ዘርእዮም ምልክታት፦

- ኣብ እዋን መዓልቲ ቀጨውጨውን ትኽስን ምባል፡
- ከንብቡ፡ ጠጠው ክብልን ተለቪዥን ክዕዘቡን ዘይምኽኣል፡
- ኣተኩሮን ኣደህቦን ምጉዳል፡
- ናይ ድኻም ምልክታት ኣብ ገጽ ምዕዛብ፡
- ቀልጢፍካ መልሲ ዘይምሃብ (ብፍላይ ኣብ እትሕተተሉ እዋን)
- ከም ቡን ሻሂን ካልእን ዝኣመሰሉ ወዑይ መስተ ክትሰቲ ምህራፍ።

ቀለልቲ ነጥብታት ንዝበለጸ ድቃስ

- ኩሉ ግዜ ልሙድ ናይ ድቃስ ሰዓታት ይሃልኹም። እዚ ወላ ኣብ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ክትክተሎ ይግባእ።
- ቅድሚ ምድቃስካ፡ እትድቅሰሉ ክፍሊ ህድኣት ዘለዎን ብግቡእ ከም ዝጸልምትን ኣስተብህል። ኣብ ውሽጢ'ቲ ክፍሊ ንጹህ ኣየር ከም ዘሎ'ውን ኣረጋግጽ። ወይ'ውን ጽሩይ ኣየር ክህልዎ ንዝተወሰነ ሰዓታት ኣፍደገኡ መሳኹቱን ከፊትካዮ ክትጽንሕ ይከኣል እዩ።
- ናብ ዓራት ቅድሚ ምድያብካ ኣብ ዘሎ ካብ 1 ክሳብ 2 ሰዓታት ኮምፕዩተር፡ ተለቪዥንን ካልእ ብርሃን ከመንጭዉ ዝኽእሉ ከም ሞባይልን ዝኣመሰሉ ነገራት ካብ ምጥቃም ወይ ምዕዛብ ተቖጠብ።

ምንጪ፦ uwmedicine

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ስለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

ኣመሪካ ንኢራን ዳግማይ ከተጥቃዓ ተኽእሎ ኣሎ ድዩ፧

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናይ ፍርቂ እብረ ባይቶኣዊ ምርጫ ናይ'ታ ሃገር ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዳግማይ መጥቃዕቲ ክኸፍት ከም ዝኽእል እዮም ሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ግምታቶም ዝህቡ ዘለዉ። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ዘመርሖ ሰልፊ ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫ ናይ'ታ ሃገር ክዕወት ምምናዩን፡ "ክንዛዘሞ ዝግባኣና ዘይዛዘምናዮ ዕዮ ኣለና፡" ምባሉን ከኣ፡ እቲ ኩናት ክቕጽል ከም ዝኽእል ዝእምት ምኳኑ እቶም ተንተንቲ የረድኡ። ትራምፕ ነዚ ብዘምልከተ ኣብ ዝተፈላለዩ ጋዜጠኛታት ሕቶ ኣብ ዝቐረበሉ፡ "ዋላ'ኳ እቲ ርጉጽ መልሲ ኣይሃብኩም፡ ኩሉ ተኽእሎታት ግን ኣብ ቦታኡ'ዩ ዘሎ፡" ዝብል መልሲ ክሁብ'ዩ ተሰሚዑ። ንሱ ወሲኹ፡ ኩናት ኢራን ኣብ ዝደለዮ እዋን ክዛዘም ምኳኑ'ውን ኣረዲኡ።

ኩናት ኢራን ሻምናይ ወርሑ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣመሪካ ኣብቲ ኩናት ዛጊት ልዕሊ 47 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወጻኢታት እያ ኣጢፋ ዘላ። እዚ መጠንዚ፡ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ፔንታጎን ዝገለጾ መጠን ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ20 ሚእታዊት ከም ዝዓበ እዩ ተረጋጊጹ ዘሎ። ኣመሪካ፡ ኩናት ኢራን ብዓወት ንምዝዛም፡ እልቢ ዘይብሉ ምዕቡል ተተኳሲ፡ ምዕቡላት ነፈርቲ ውግእ፡ ብዋጋ ኣዝዮም ክቡራት ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይላትን ካልኦት ዘመናውያን ኣጽዋራትን ተጠቒማ እያ። ኢራን ድማ ብኣንጻሩ ብዋጋ ሕሱራት ዝኾና ድሮናት እናተጠቐመት፡ ኣብቲ ኩናት ዘይተሰዓርነታ ከተረጋግጽ ክኢላ እያ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ሓደ መዕለቢ ከይበጽሓ እንከለዋ፡ ከም እንደገና ናብ ኩናት ክምለሳ ከም ዝኽእላ እዩ ብብዙሓት ወገናት ትንብያታት ዝወሃብ ዘሎ። ብመሰረት እቲ ትንብያታት፡ ኣመሪካ ኖቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘይተኻናጸፈቶ ዓወታት ንምርካቡ፡ ነታ ሃገር ምጥቃዕ ኣይከተቋርጾን እያ። ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ እውን እንተኾነ፡ ንኢራን ዝመርሕ ዘሎ ስርዓት ምሉእ ብምሉእ ከይተደምሰሰ፡ እቲ ኩናት ኩብቅዕ ከም ዘይክእል እዩ ዘጠንቅቕ ዘሎ። ቤንያሚን ናታንያሁ፡ "ኢራን ብቑጠባ ተዳኺማ እያ፣ ኖቲ ኩናት ክትቅጽሎ ዘኽእላ ዓቕሚ የብላን። በዚ ምኽንያት ከኣ ስዕረታ ቀረባ እዩ፡" ክብል እዩ ዝገልጽ።

ብወገን ኢራን ግን፡ እቲ እምነት ተጻራሪ እዩ። ኢራን፡ ኣመሪካ ትኹን እስራኤል ኣብ ልዕሊኣ ዳግማይ መጥቃዕቲ እንተ ድኣ ከፊተን፡ ተመጣጣኒ መልሰ ግብሪ ክትህበሉ ምኳና እያ ተጠንቕቕ ዘላ። ኢራን፡ ዋላ ብኩናት ሓያሎ ወተሃደራዊ ትሕተ ቕርጽታታ፡ ብፍላይ ከኣ ኢንዱስትሪ መፍረ ሚሳይላታ ይዕነው፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብሕሱር ዋጋ ክሩዝ ሚሳይላትን ድሮናትን ከተፍርየሉ እትኽእል ዓቕሚ ከም ዘለዋ እዩ ዝንገር። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ኖቲ ክመጻ ዝኽእል መጥቃዕቲ ኢዳ ኣጣሚራ ከም ዘይትርእዮ ርዱእ ይኸውን ማለት'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኢራን ኖቲ መሰጋገሪ ናይ ኣስታት 20 ሚእታዊት ሰደድ ነዳዲ ዓለምና ዝኾነ መጻብቦ ሆርሙዝ ምዕጻዋ'ውን፡ ኖቲ ኩናት ንኸተማእዝኖ ሓጊዙዋ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 8 ኣዋርሕ፡ ምዕጻው መጻብቦ ሆርሙዝ ብደረጃ ዓለም ከቢድ ናይ ነዳዲ ቅልውላው ኣኸቲሉ እዩ። ነዚ ዝተዓዘበት ኢራን፡ ሕጂ'ውን ኣብቲ ምስ ኣመሪካ ኩተካይዶ ትፍትን ዘላ ዝርርብ፡ ኖቲ መጻብቦ ከም ቀንዲ መጣልዒ ካርታ'ያ ትጥቀመሉ ዘላ።

ኣብቲ ቀንዲ ንኣመሪካን እስራኤልን ምስ ኢራን ዘየሰማምዖን ነጥብታት፡ ኢራን ሓቢኣቶ ዘላ 'ዩራንየም' ዝተባህለ ሓደገኛ ባእታ እዩ። ክልተአን ሃገራት፡ ነዚ ኣብ ምስራሕ ኑክሌሳዊ ቦምባታት ዘገልግል ባእታ ንምርካብ ሓያል ጻዕርታት እየን ኣካይደን። እንተኾነ፡ ኢራን ኖቲ ዩራንየም ብሳተላይት ይኹን ካልእ ዝተራቐቐ መሳርሒታት ክረአ ኣብ ዘይክእል ምስጢራዊ ስፍራ ስለ ዝሓብኣቶ፡ ጸላእታ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። በዚ እያ'ምበኣር ኣመሪካ፡ ኢራን ኣህቢቲማቶ ዘላ ዩራንየም ከየረከበቶ እቲ ኩናት ደው ኩብል ከም ዘይክእል ብተደጋጋሚ ኩተጠንቕቕ ትስማዕ ዘላ። ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ እዋናት፡ ኣመሪካ ናብ ኢራን ብርኽት ዝበለ ኣጋር ሰራዊት ብምዋፋር፡ ካብታ ሃገር ብዙሕ ዩራንየም ክትምንዝዕ መደብ ከም ዘለዋ፡ ገለ ተንተንቲ ፖለቲካ ክዛረቡ ተሰሚዖም እዮም። ብመሰረት እቶም ተንተንቲ፡ ኣመሪካ ነዚ መደብ'ዚ ተግባራዊ እንተ ገይራቶ፡ እቲ ኩናት ክሳብ ክንደይ ከቢድን ዝተሓላለኸን ከም ዝኸውን ብቐሊሉ ክግመት ዝከኣል እዩ። እቲ ብኣጋር ሰራዊት ዝካየድ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኖቲ ኩናት ብምንዋሕ፡ ኣንፈቱ ከም ዝቕይሮን ናብ ካልእ ዝኸበደ ምዕራፍ ከም ዘሰግሮን'ውን ንምርድኡ ኣጸጋሚ ኣይከውንን። ብመሰረት ውተሃደራውያን ክኢላታት ዓለምና፡ ዘኾነ ስርሒታት ኣጋር ሰራዊት ዕወት ክኸውን እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ንጹር ፖለቲካዊ ዕላማን ተልእኾን ክህልዎ ኣለዎ። ካብ ተርባጽ ተበጊሶካን ሃንደራእ ኢልካን ናይ ኣጋር ስርሒት ምስ እተበግስ ግን፡ ውጽኢቱ ፍሽለት ጥራሕ እዩ ዝኸውን።

ኢራን፡ ኣብዛ ምስ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ውግእ ዝተጸምደትለን ኣዋርሕ፡ ብዝዓጠቐቶ ኣጽዋርን ዝተጠቐመትሉ ቅዲ ኩናትን፡ ንዓለም ኣገሪማታ እያ። ኢራን ኣብቲ ተገዲዳ ዝኣተወቶ ኩናት ከይተዳኸመት፡ ዓለም ርእያቶ ዘይትፈልጥ ሚሳይላት እናወንጨፈት እያ ህላወኣ ንምውሓስ ተቓሊሳ። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም ዝሕብርዎ፡ ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ታሪኽ እያ ሰሪሓ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ኩናት ወተሃደራዊ ዓቕማ ንዓለም ከተርኢን ንጸላእታ'ውን ብድሆ ክትከናምን ክኢላ እያ።

ኢራን፡ ብቲ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣን ቅርጺ መሬታን ተሓጊዛ እያ ንጸላእታ ኩተጨንቖም ተራእያ። ከም ዝፍለጥ፡ ኢራን ኖቲ መጻብቦ ብምዕጻዋ፡ ዋጋ ነዳዲ ብደረጃ ዓለም ብዕጽፊ ክውሰኽ እዩ ተራእዩ። በዚ ከኣ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኖቲ ተሃንዲደን ዝወልዓኦ ኩናት ብቕልጡፍ ደው ንኽብላኦ፡ ብዙሕ ጸቕጢ ክገብረለን ተገዲዱ እዩ። መጻብቦ ሆርሙዝ ብምዕጻዉ፡ ብደረጃ ዓለም ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ቁጠባዊ ክሳራታት ክወርድ ክኢሉ እዩ።

ንኣመሪካን ኢራንን ካልእ ዘይሰማምዐን ነጥቢ ክህሉ ይኽእል እዩ። ንሱ ከኣ፡ ኢራን ንመጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽራ ከተእትዎ፣ ንኹለን እተን በቲ መጻብቦ ዝሓልፋ ናይ ጽዕነት መራኽብ ድማ ጽኑዕ ቁጽጽር ክትገብረለን እዩ ድሌታ። ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ ትኹን ካልኦት ኣብቲ ዞባ ዝርከባ መሻርኽታ ዝኾና ሃገራት ዓረብ፡ ነዚ ኣጀንዳ'ዚ ፈጺመን ኣይሰማምዓሉን እየን። እኳ ደኣ፡ እተን ጎረባብቲ ሃገራት፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ንድሕሪ ሕጂ'ውን እንተኾነ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ኢራን ኮይኑ ንኸየገልግል ውሕስነት ክግበረሉ እየን ዝጠልባ ዘለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ጉዳይ ኣመሪካን ኢራንን ብዘተ ንምፍታሕ ተባሂሉ ብዋሺንግተን ዝቐረበ እማመ፡ ብኢራን ተቐባልነት ክሰእን እዩ ዝረአ ዘሎ። ኢራን፡ ሚሳይላት ከይተፍሪ ብኣመሪካ ንዝቐረበላ ጠለብ ብትሪ ትነጽጎ እያ ዘላ። ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፐዘሽክያን፡ ሃገሩ እዞም ከይተፍርዮም ትሕተተሎም ዘላ ሚሳይላት እንተ ዘይህልዉዋ ነይሮም፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ናይ ኩናት ኣዋርሕ ልክዕ ከም ቓዛ ምሉእ ብምሉእ ምዓነወት ነይራ'ዩ ዝብል። ስለዚ፡ ሃገሩ ነዞም ኣብ ድሕነታን ድሕነት ፖለቲካዊ ስርዓታን ዓቢ እጃም ዘበርከቱ ሚሳይላት ካብ ምፍራዮም ፈጺማ ከም ዘይትቑጠብ ድማ ወሲኹ ኣስሚሩሉ።

ብኻልእ ወገን፡ ተቖጻጻሪት ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት ናብ ኢራን ክኣትዉ ፍቓድ ክወሃቦም ዝብል ነጥቢ'ውን፡ ብኢራን ዛጊት ተቐባልነት ኣይረኸበን ዘሎ። ኢራን፡ እቲ ኣህጉራዊ ትካል (IAEA) ናብ መሬታ ኣትዩ ኣብ ልዕሊ ኑክሌሳዊ መሳለጥያታታ ክትትል ይኹን ቁጽጽር ክካይድ ፍጹም ከም ዘይተፍቅድ እያ ትገልጽ። ብመሰረት'ቲ ኣብ 2015 ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካ እትርከበን ሓያላን ሃገራት ዓለምን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኢራን እተህብቶ ዩራንየም ደረጃ ብቕዓቱ ኣብ 3.67 ሚእታዊት ጥራሕ ክሕጸር እዩ ዝግባእ ነይሩ። የግዳስ፡ ኣመሪካ ኖቲ ውዕል ከተኽብሮ ስለ ዘይከኣለት፡ ኢራን ደረጃ ብቕዓቱ ክሳብ 60 ሚእታዊት ዝበጽሐ ዩራንየም ከተህብትም ክኢላ። እዚ ከኣ'ዩ ንኣመሪካ ምስ እስራኤል ተሻሪኻ ናብ ኩናት ክትወፍር ዝደፋፍኣ ቀንዲ ምኽንያት።

ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

“ዕላማና፡ ኤርትራ ብኤርትራውያን ምስ ፊልም ዓለም ክትላለ’ዩ ነይሩ”

- ሰኣላይ ፍራንኮ ሳርዴላ

ፍራንኮ ሳርዴላ ይበሃል። ካብ ኤርትራዊት ኣደን ኢጣልያዊ ኣቦን ኣብ 1962 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊዱ። ኣቦኡ ወተሃደር ጣልያን ነበረ። ኣቦኡ ድሕሪ ምስዓር ጥልያን ኣብ ኤርትራ ንዉሕ ዓመታት ስለ ዝተቐመጠ፡ ምስቲ ዝበርሮ ሓያል ፍቕሪ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ሞተ፡ ኣብዚ ሃገር ተቐብረ። እቲ ፍቕሪ ደማ ናብ ወላዲኡ ሰገረ።

ፍራንኮ ሳርዴላ ገለ ትምህርቱ ኣብ ዓዲ ጣልያን ጀሚሩ ምስ ዛዘመ፡ ኣብ ምንቅስቓስ መንእሰያት ተመዚገቦ ኣብል ሓፋሽ ውድባትን ኣብ ድያስፖራ ከምኡ ድማ ኣብ ቦሎኛ ኣብ ዝቐርብ ዝነበረ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ብንጥፈት እጃሙ ኣበርኪቱ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ናብ ሃገሩ ብምምላስ ብሲነማቶግራፊ ብዙሓትን ዓበይትን ንህልን ታሪኽን ኤርትራ ዝገልጹ ፊልምታት ዝሰኣለ ምኩርን ጉዱምን ሰኣላይ እዩ። ኣብ እዚ እዋን እዚ ግዱ ካብ እቲ ስራሕ ቁሩብ ጥፍእ ኢሉ ኣሎ። ንኣስተማቓራይ ዕዮ ሱጥባዙ “ፍራንኮ ናብዩ ከይዱ” ኢሉ ንዙሓትት ንዘበረ ህዝቢ ከኡ እንሆ ምስኡ ዝገበርናዮ ጸማቕ ዕላል ነቕርበልኩም።

- ከም መእተዊ ክሽዑና ፍራንኮ፡ ድሕሪ ናጽነት ናብዩ ኢኻ ኣብልካ፤ ሱጥበዚ ጉዕዞኻ ኣብ ኤርትራኸ መዓስ እዩ ዝጀምር፧

ኣብ ዓዲ ጥልያን ናይ ሱጥባዙበ ሞያ ዝበረና ጥርኑፋት ሰባት ነይርና። ድሕሪዚ፡ ናጽነት ምስ ኩነ፡ ኣብ ሓንጎልና ዝበረ ቀዳማይ ሕቶ፡ “ናጽነትስ መጺኡ እንታይ የድሊ ይኸውን ካብና” ዝብል ሕቶ መጺኡ። ድሕሪኡ ንሓድሕድና ተረዳዳእና፡ “ሃገር ብጾርጊያ፡ ቢንቶ ጥራሕ ኣይትኮነትን እትህነጽ። ሃገር ብሱጥባዙበ’ውን ክትህነጽ ኣለዋ” ስለ ዝበልና፡ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ብዘዕባ ዓውዲ ስእሊ ዝዮቦእ ስልጠና ብምውሳድ፡ ኩሉ ዘድሊ ዕጥቒ ተገዚኡ ብፍቓድ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሲነማቶግራፊ እንዝጥፍ 9 ኣባላት ኣብ 1994 ብጥርኑፍ ናብ ሃገርና ኣቲና። ስለዚ ናይ ሱጥባዙበ ታሪኽ ጉዕዞይ ኣብዚ ዝበልኩኻ ግዜ’ዩ ብወግዒ ዝጀምር።

- ስም ናይታ ሽዑ ዘውጻእኩማ ትካልኩም እንታይ እያ ትብል፤ እቶም ሰባትከ ብዓል መን እዮም ነይሮም፧

እታ ትካል ኤርትራ ቪድዮ ሰርቪስ (E.V.S) እያ ትብሃል። ካብ’ዚ ዝበልኩኻ 9 ሰባት ሒዛ ተበጊሳ። ንሳቶም ድማ ፍራንኮ ሳርዴላ፡ ሃይለ ብርሃነ (ቁልቢ)፡ ግርማይ ንጉሰ፡ ሰሎሞን ኣብርሃ፡ ተማሰገን ጸጋይ፡ ምሰዮና ተሰፋዪ፡ የዲት መሰፍን፡ መሰፍን ኣስመላሽ፡ በረኸት ቀለታ ኢና እንብሃል።

- ሰኣላይ ክትከውን ሓለምካ ትፈልጥ ነይርካ፧

ቀደም ንእሽቶይ እንከለኹ ብወግዒ ነዚ ሞያ ከይጀመርኩ፡ ኣብ ውሽጠይ ባህጊ ናይዚ ሞያ ከም ዝነበረኒ እዝክር እየ። ቅድሚ ናብ ዓውዲ ስእሊ ምእታወይ ግን ኣብ ዓዲ ጣልያን ኣብል ጉጅለ ባህሊ እየ ነይረ። መዚቓኛ ኩይነ ጊታር እየ ዝጽርም ነይረ። ኣብ’ቲ እዋን እቲ ንጽግዖት ህዝብናን ቃልሱናን ዝገልጽ ጉስጓሳዊ ምርኢታት ነካይድ ነይርና። ነዚ ሞያዚ ከም ዝሕዝ ዝበረታን ዝጸለወታን ጉዳም ሱጥባዙና ተኽለ ህወትት እዩ። ሓደ ካብቶም ዘኽእብርም ሱጥባዙናታት ሃገርና ድማ እዩ። ንሕና ኣብ ቦሎኛን ካልእን ምርኢት ኣብ

ፍራንኮ ካብ ዝሰኣሎም ስእልታት

ንገብረሉ ዝነበርና ብዓል ‘ቁልቢ’ ኣባላት ሱዳ ኩይናም፡ ኑቲ ንሕናን ህዝቢ ዝገብሮ ዝበረ ንጥፈታትን እዩም ዝሰኣሉ ነይሮም። ድሕሪ ናጽነት ፊሎማ ናብ ኤርትራ ክንመጽእ እንከለና፡ እቲ ኣብ ውሽጥና ዝበረ ሓሳብና’ውን እኳ፡ “ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ማእለያ ዘይብሎም ካብ ሜዳ ዝመጽኡን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝጸንሑን መዚቓኛታትን ደረፍትን ኣለውም። ንሕና ግን ኣብ ከምኡ ዘይኩነ ክንዝጥፍ ዘለና ካልእ ናይ ሱጥባዙበ ስራሕን ፕሮጀክትን ዘይንዝብር” ዝብል እዩ ነይሩ ጥሙሕና።

- ቀንዲ ዕላማኹም እንታይ ደዩ ነይሩ፧

እቲ ቀንዲ ኣብ ርእስና ዝበረ ዓቢ ራኢ፡ “ኤርትራስ ብዓይኒ ኤርትራውያን ምስ ዓለም ብፊልም ክትላለ ኣለዋ” ዝብል እዩ ነይሩ። ስለዚ እየ ድማ መዚቃ ጉዳይ ናብ ዓውዲ ስእሊ ኣላገሰ።

- ኣብ ውሽጥኻ ፍቕሪ ናይ ስእሊ ነይሩካ’ዩ ማለት እዩ፧

እወ። ቀደም ኣብ ዓዲ ጥልያን ተመሃራይ ኣብ ዝበርኩሉ፡ ካሜራ ክቡራት እንከለዋ ኣቦይ ገዚኡሊዩ። ኣቦይ ፍቕሪ ናይ ካሜራ ከም ዝበረኒ ስለ ዘለለየ’ዩ ማስለ ዓዲጉሊዩ። ኣብ 1980 ናተይ ካሜራ ነይራትኒ። እቲ ሽዑ ዝተመሃርኩዎን ዝጥቀመሉን ዝበርኩ ኣሰኣእላን ትምህርትን፡ ምስ ናይ ሕጂ ምዕባለ ፍልልዩ ሰማይን መሬትን እዩ። እቲ ሲነማቶግራፊ ናይ ፊልምታት ዝምህሩኻ ኣጋዩበን ምስ ናይ ኣብ ገዛኻ ማዘርታ እትሰእሎን ነገብዪ እዩ። ስለዚ እቲ ዘይርድኦ ውሽጠይ ዘመንጩዎ ፍቕሪ ስእሊ ሓደ ዓቢ ስራሕ ንኽሰርሕ ራእይ ነይሩኒ እዩ ክብሎ ዝኽእል። ስለዚ እታ ዓንተቦይ ዘልዓልካያ ሕቶ መሊሰልካ ክኸውን ተስፋ እገብር።

- ናብ ስእሊ ኘኽትኣቱ ዝገበርካ ቀንዲ ደፋኢት ወይ ረቛሒ እንታይ እዩ፧

ብንእሽቶና ኣብ ኣስመራ እንከለና ይዝከረኒ፡ እታ ሓንቲ ዝበረት ልምዲ ኣብ ሲነማታት ከይድካ ፊልምታት ምዕዛብ እያ። ሰንበት-ሰንበት ኣብ ሲነማታት ሮማ፡ ካፒቶል፡ ኢምፔሮ፡ ... ከይድና ንርኢ። ሕጂ እቲ ፊልምታት ርኢኻ ትም ንምባል ዘይከኦ፡ ሰሙን ምሉእ ኢኻ ንደቂ-ገዛውትኻ ብዛዕባ’ታ ፊልም ተዕልለማን ትኣግርዎምን። ብፍላይ ናይ ጥልያን ፊልም እንተ ኾይኑ፡ ምስቲ ናይ ጥልያን ቋንቋ ዝኽእሎ ዝበርኩ ምስ ተግባራቱ (ኣክሽኑ) ተርእዮም ትንግሮምን። ፍቕሪ ናይ ፊልም ብናኣሽቱና እዩ ምኻና ዓብዩ። ምኽንያቱ ብፊልም ትመሃር፡ ትዘናጋዕ፡ ትሰሕቕን ትበኪን። እቲ ናብ ፊልም ገጸይ ክኣቱ ዝደረኸኒ ምኽንያታት እዚ እዩ ማለተይ።

- ትካልኩም E.V.S ብዙሕ ስራሓት እዩ ዓሚሙ’ሞ፡ እስከ ንኣጀማምራኹም ከመይ ትዝክሮ፧ ፊሎማ ብኸመይ ኢኹም ጀሚርኩም፧ እንታይ ኢኹም ገይርኩም፧

ቤታኸም ዝበዛላ ምዕቡላት ካሜራ ተገዚኣን። “ኑቲ ስራሕ ባዕልና ስኢልና ኤዲት ገይርና፡ ብቪድዮ ፕሮጀክተር ገይርና ኣብ ሲነማታት ከርእዮ ክንፍትን ኣለና” ብምባል ኢና ጀሚርናዮ። እዚ ፊሎማ ንሕና ዘተእታተናዮ እዩ ክበሃል’ውን እኽእል እየ። ብኸምኡ ድማ ከርኢ ጀሚርና።

- እታ ኣብ ኤርትራ ፊሎማ ዝሰኣልኩማ ፊልም እንታይ ነይራ፧

ባሩድ -77 እያ ትብል ነይራ። ብቪድዮ ተሰሪሓ ምስ ተወደኣት ድማ ንመጀመርታ ግዜ ህዝቢ ኣብ ሲነማታት

ኣትዩ ዝረኣያ ፊልም እያ።

- ስእሊ መዓስን ብኸመይን ኢኻ ጀሚርካዮ፧

ናብ ዓዲ ጥልያን ምስ ከድኩ፡ ከም’ቲ ኣቐዲመ ዘዕለልኩኻ ኣብ 1980 ቪድዮ ካሜራ ተዓዲጊሉሊዩ። ዛ ካሜራ ኣብ ናይ ምትእኽኻብን ምዝንጋዕን ናይ ስድራቤት፡ ጥምቀት፡ ምኽብር ዕለተ ልደት ኩታ ኣብ ዝኸውን ናይ ስድራ ኣጋጣሚታት እስእላ ነይረ።

- ስሚታትካ ኣብ ምንባብ ኣጦኻ ዝበሮ ተራ ክትገልጸልና፧

ኣቦይ ካብ ኣልዓልኩዎ ኣዝዩ ፍሉይ ሰብ እዩ ነይሩ። ሳርዴላ ኢናጃዮ እዩ ዝበሃል። ኣብ 2ይ ውግእ ዓለም ዝተሳተፈ ሰብ እዩ። ኣነ ክውለድ እንከለኹ፡ ወዲ 68 ዓመት እዩ ነይሩ፡ ኣደይ ከኣ ጓል 18 ዓመት ነይራ። ንዓይ ከም ኣቦን ኣቦሓጎይን እዩ ነይሩ። ፍሉይ ፍቕሪ ነይሩዎ፡ ብሕንቃቐ’ዩ የዕብዩኒ ክብሎ እኽእል። ኣደይ’ውን ከምኡ። ከም ቁልዓ ኣደይ ክትዛረመኒ ምስ እትደሊ ኣቦይ ይዘርየለይ ነይሩ (ሱሓቕ)።

- ናይ ፊሎማ ተመኩሮ ስእልኻ ትዝክሮዶ፧ እንታይ እያ ነይራ ከተዕልለና፧

ኣብ ቮርና እትብሃል ከተማ ብፅንባቡታት ዝገጸ ቦታ እዩ ነይሩ። ፓርክ እዩ። ናብ’ቲ ቦታ ምስ ስድራይ ምስ ከድና ተማሲጠ ዝሰኣልኩዎ ስእሊ እዩ ነይሩ። እቲ ዕንባቡታትን ሱሓቢ ቅርጺ ናይ’ቲ ቦታን ደስ ስለ ዝበለኒ ዝሰኣልኩዎ ስእልታት እዩ ነይሩ። ተዘዋዊረ ስኢለ ምስ ወዳእኩ ንስድራይ ምስ ኣርኣኹዎም፡ ናይ ብሓቂ ተሓጕሶም ኣድኒቖምኒ። “ከምኻ ሰኣላይ የለን። ልክዕ ከምዝም ናይ ቴለቪዥን ሰኣልቲ ኣምሲልካዮ” ክብሉኒ ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን’ቲ ወዲ 18 ዓመት እየ ነይረ። እዚ፡ እቲ ናይ ፊሎማ ተመኩሮ ስእለይ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ልዑል ምትብባዕ ኣሕዲሩለይ።

- ሳርዴላ፡ ምኩር ሰኣላይ ከም ምዃንካ መጠን፡ ዝሰኣልካየን ፊልምታት ሃገርና ብዓል መን እየን፧

ክንደይ’ሞ ክብሃል’ዩ ልዕሊ 100 ፊልምታት ስኢለ እየ። ሕጂ ክዝክረን ኣይክእልን እየ። ካብ ዓዲ ጣልያን ምጽእ ምስ በልና ዝሰኣልናያ ስራሕ ፊልም ኣይኮነትን ነይራ። “ወግዒ ሱሳታት” እትብል ናይ መምህር ሰሎሞን ኮሜድያዊት ስራሕ’ያ ነይራ። ንዓኣ ማጠቢ ብምግባር ድማ፡ ብቪድዮ ካሴት ተሓቲሙ ኣብ ምሉእ ዓለም ተሸይጡ ማለት እዩ። እቲ ስራሕ ብዙሕ ጸቡቕ ዝኾነ ግብረ መልሰታት ረኺቡ። ደሓር “እዚ ከም’ዕብሎ ኣለና፡ ናብ ፊልም ገጽና ክንከይድ ኣለና” ተባሂሉ። “ደሓን ኩኒ እንዳፍራሰ” እትብል ድርሰት ኣብ ኣደይ መጺኣ። ኒታ ድርሰት ኣንቢበ ምስ ተባሂልኩ፡ ናብ ሽንቲ ቤት ከሸይን ምስ ከድኩ ጀሚረያስ ከይተረደኣኒ፡ ኣብታ ሽንቲ ቤት ኣንበበ ወዲኤያ። ሽዓ ኣብኡ እንከለኹ፡ “እዚኣስ ክትስራሕ ኣለዋ” ዝብል መንፈስ ረቢሸኒ። እቲ ውሳነ ኣብ ሽንቲ ቤት ዝተወሰደ ውሳነ እዩ። ብድሕሪዚ ምስቶም ብጾተይ ኩይንና ምስ ተዘራረብና፡ “ያላ ትሰራሕ” ዝብል ናይ ነፍሲ- ወከፍ

መንፈስ መጺኡ። “ብኸመይ’ሞ ትሰራሕ ገንዘብ ከድሊ እዩ፡ ዋላ ገንዘብ ካብ ገለ ክንደሊ ኢና” ተባሂሉ፡ ምስቶም ተዋሳእቲ ተራኺብና። እቲ ገንዘብ ክንደይ ከም ዘድሊ ተረዳዲእና። መዋሊ ናይቲ ገንዘብ ማለት ኣፍራዪ (ፕሮዲሰር) ክርከብ ከም ዘለዎ፡ “እቲ ዘውጻእና ባጀት ንማእርሒ ናይታ ፊልም ይኸውን። ኩሉ ሰብ ድማ እቲ ስራሕ ምስ ተወደአ ይኽፈል” ዝብል ርድኢት ሒዝና ተበጊስና። ኣብቲ እዋን’ቲ ፊልም ሰሪሕካ ክትዝርግሖ ዝኣምኖ ሰብ’ውን ኣይነበረን። ዝረኸቦ ሰብ፡ “ንሸኹምስ ብኸመይ ዓቕሚኹ ኣጋዩበን ኢኹም ፊልም ዝኣክል ክትሰርሑ” እዩ ዝብሎ።

- ስለምንታይ እዩ ሰብ ከምኡ ዝብል ነይሩ ኣብቲ እዋን፧

ኣብቲ እዋን ምስራሕ ፊልም ልሙድ ስለ ዘይነበረ፡ ብዓበይቲ’ውን እታ ስራሕ ናይ ውግእን ምቕታልን ነገራት ስለ ዝበራ ዘይሕከር እምባ ኩይኑ እዩ ዝስምዓ ነይሩ። እቲ ታሪኽ ወይ ዛንታ ናይ’ቲ ፊልም ንመግዛእቲ ስርዓት ደርግ ዝገልጽ’ዩ ነይሩ።

- እሞ እንታይ ደኣ ገበርኩም፧

“ትም ኢልኩም ጥራሕ ስርሑ፡ ንዘሰኹኣ ሰብ ኣይትሰምዑ” ተባሂሉ ተሰሪሑ። ምስ ተወደኣት፡ መመረቕታ ገይርናላ። ኣብ ካዛ ዴልኢታልያኖ ንኹሎም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ሚኒስተራት ሃገርና ዓዲምናዮም። ቅድሚ ዝኾኑ ሓፋሽ ምስ ረኣዩዋ፡ ኣዝዮም ተደኒቖም። “እዚስ ብዘይ ሓገዝ ናይ መንግስቲ ሰሪሕኩሞ፡ መንግስቲ እንተ ዝሕግዘኩም ደኣ እንታይ ዓይነት ስራሕ ምሰራሕኩም ማለት እዩ” ተባሂልና። ብድሕሪዚ ኣብ ዝኸርን ቅንያትን ስርሒት ፈንቅል ንመጀመርታ እዋኑ ብፕሮጀክተር ከርእያ ተባሂሉ ናብ ባጽዕ ከይድና።

- ሃየ!

“ናይ ደረፍቲ ፕሮግራም እናሃለወ ደኣ ንዓና ፊልም መን ክርእየልና” ኢልና ዝተሰከፍና፡ ህዝቢ ባጽዕ ግምጥል ኢሉ ኒታ ፊልም ክርኢ መጺኡ። ባሩድ - 77 ንመጀመርታ እዋን ዝተረኣየትላ ግዜ ማለት እዩ። ኣነ ብሓገስ ንበዮት ብንብዖት ኩይነ፡ ከም’ቲ ዝበልኩኻ መጽሓፍ “ደሓን ኩኒ እንዳፍራሰ” እያ ነይራ እታ ድርሰት፡ ባሩድ-77 ብተማሰገን ትኩእ ተጻሒፉ ናብ ፊልም ዝረዓመት እያ። ኣብቲ መጽሓፍ ዘየለ’ውን ብዙሕ ነገራት ወሲኽናሉ ኢና። እዚ ርዱእ ነገር እዩ፡ ኑቲ ህዝቢ ናብቲ ዝበረ መሪር እዋን ክትመልሶ እንተ ኼንካ ከኣ በቲ ልክዕ ስእሊ ክትዛዕ ኣሎካ።

ይቕጽል..

ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

ደበሳይ ተስፋዝጊ

3ይ ክፋል

ዕቃበ ብረት መስርዕ ሰሜንን ኣግማሉን

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ክፍሊ ዕቃበ ብረት ድሕሪ ማስመር ጸላኢ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ንዘዕቀበ ንብረት ሰውራ ኣብ ምምስሳሉ ፍሉይ ተመኩሮ ከም ዝነበሮም፣ ገለ ኣባላት ከኣ፡ ብሊዩ፡ ዝቐበሩዎ ብሊዩ'ምበር ተመሊሶም ብቕትሪ ረኺቦም ንምውጻኡ ይሸገሩ ከም ዝነበሩ፣ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ካብ ዝንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣባላት ዕቃበ ብረት ኣብ እንስሳ ገመል ዝነበሮም ፍቕርን ሓልዮትን ፍሉይ ምንባሩ፣ ልክዕ ከም ሰባት፡ ንዝህርያት ኣግማሎም ብዕምቆት የጽንዑዎም ምንባሮም፣ ሓደ ካብቲ ቡዶም ኣባላት ዝተዋህለለ ተመኩሮ፡ ገመል፡ ሓንሳብ ንዝሓለፋ መንገድን ዘዕረፈላ ነቑጣን ኣብ ካልኣይ እግሩ ከም ዘይገግያ፣ ከምዚ ዝበለ ብልጫ፡ ዝስከም ክብደትን ደምዚ ናይ ዘይምግባር ብዘለዎ ትዕድልትን ገመል ካብ ካልኦት መጻዓዓኛታት ንሳዕሊ ተመራጺ ምኳኑ ተገሊጹ፡፡ መቐጸልታ ካልኣይ ክፋል ድማ እንሆ፣



ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ብብዙሕ ረጃሒታት ገመል ንምጽዓኑ ተመራጺ እዩ፡፡ ግን፡ ኣሸገርቲ ዝኾኑሉ ኣጋጣሚ ኸኣ ኣሎ፣ ሓደ ግዜ ሓደ ብጻይና ገመል ደይሕሪ ኣንስትዮ እናኾብለለ ኣብጺዎ፡፡ ከም መቕጻዕቲ ድማ ንሓደ ሰሙን ኣሲሩ፡ ካብ ማይን መግብን ኣጊዱዎ፡፡ እቲ ብጻይና፡ ዝለአ ገይሩ ድሓን ኣለኹ እናበለ ንኽልተ ሰሙን ምሽ'ቲ ገመሉ ተጓዒዙ፡፡ ግን፡ "ዝበደለ እንተ ረስዐ ተበዳሊ ግን ኣይርስዕን" ከም ዝበሉዎ፡ ሓደ መዓልቲ፡ እቲ ገመል ንብጻይና ሃንደበት ሓደጋ ወዲቑዎ፡፡ ንሓንቲ እግሩ ነኺሱ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ብምንጥልጣል፡ ኣርባዕተ ሜትሮ ኣርሒቑ ደርቢዩዎ፡፡ እንደገና ኣርከቡ ኣብ ልዕሊኡ ብምብራኽ ብሓኸለኡ ክጭፍልቆ ምስ ቀረበ፡ ብጻይና ረዲኤ ሰብ ረኺቡ ኣገላጊሉዎ፡፡

ኣግማል፡ ኢደካ እዮም ዝፈድዩ፡፡ እንተደኣ ግቡእ ክንክን ጌርካሎም ንምናታቶም ፈቃራት እዮም፡፡ እንተደኣ ብኣንጻሩ ጊርካ ሒዝቶም ግን ተጻዓእቲ እዮም፡፡ ቂመኛታት ስለ ዝኾኑ፡ ንበዳሊኦም ንዉሕ ግዜ ኣይርስዑን እዮም፡፡ ብፍላይ ምስ ጸገቡ ደድሕሪ ኣንስትዮ ክኸዱ ምስ ጀመሩ ንምእላዮም ኣጸገምቲ እዮም፡፡ ኣብ ናይ ስራ ግዜኡ ካብ ደሌቱ እንተ ዓንቂፍካዮ፡ ተባዕታይ ገመል ኣይርስዮካን እዩ፡፡

መስርዕ ገርገር፡ ኣብ መወዳእታ 1980ታት ርክባታ ምስ ማእከላይ ቦታ ሃዳሙ (ምዕራብ) እዩ ነይሩ፡፡ ካብን ናብን ዝበረቶ ቦታ ኣጽዋር ንምግዓዝ ምስ ሃዳሙ እትጥቀመሉ ዝበረት ማስመር፡ ብሩባ ከርበኽ፡ ኩሬት፡ ጎላጉል ኮን (ዓሻ ጎልጎል)፡ ማይ ዘጋሩ፡ ማይ ሓብር፡ ዓንበራ፡ ዓዲ ባረኑ ዓዲ ተኽለሃይማኖት፡ መረብ ተሳጊርካ ክሳብ ሸላሎን ሃዳሙን ነይሩ፡፡ ብ1987 ዓ/ም፡ ኣብ ውሽጢ ሸዱሽተ ወርሒ፡ ሸዱሽተ ግዜ ተሰዓ ጽዕነት ገመል ኣጽዋር በዚ ማስመር'ዚ ካብን ናብን ኣጓዓዒዙ፡፡ ድሕሪ ስርሒት ምድምሳስ እዚ ናደው (መጋቢት 1988) ግን ጸላኢ ንኹሉ ምዕራባዊ ቦታታት ኤርትራ ገዲፉዎ ናብ ከረን ስለ ዝተኣከበ፡ ማስመር ጉዕዞ ተቐይሩ ክሳብ መንሱራ ብመኪና ኮይኑ፡፡ ተወሳኺ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ናብቲ ኸባቢ ክቀሳቐሳ ስለ ዝጀመራ'ውን፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ መጥቃዕትታት ምኪያዱ ዘይተርፍ ምኳኑ ዝገመቱ ኩሉ፡ እታ መስርዕ ድማ፡ ተወሳኺ ኣጽዋር ንምቕራብ ተንቀሳቒሳ፡፡

ብዕለት 17/5/1988፡ ሓደ መኪና ተተኳሲ ካብ ማእከላይ ቦታ ሃዳሙ ተጻዒኑ፡ ብኸተማታት ባረንቱ፡ ኣቝርደትን እንገርሃን ሓሊፉ፡ ኣብ መንሱራ ተራጊፉ፡፡ ክፍሊ ህዝቢ ድማ፡ ነቲ ተተኳሲ ካብ መንሱራ ናብ ገርገር ንምብጻሑ 50 ኣግማል ምስ ዋናታተን ኣዘዙ፡፡ ዝበዝሐ ኣባላት ኤምዳድ'ውን ነቲ ኣብ መንሱራ ዝተራገፈ ተተኳሲ ከምጽኡ ነተን ኣግማል ሒዞም ኸዱ፡፡ ዳርጋ ኹሉ ተተኳሲ ኣብ ኣኽያሸ እናተመልአ ብመልክዕ ጽዕነት ገመል ድሕሪ ምውዳን ንኽጽዓን ተዳለወ፡፡ ዓይነት ተተኮስቲ፡ ከም ቦምባታት ኣርቢጂ-7 ነይሩዎ፡፡ ግን፡ ካብቲ ዝተወደ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ መጻዓኛ፡ ጽዕነት ዓሰርተ ገመል ዝኸውን ተረፈ፡፡

በዚ ምኽንያት፡ ዝበዝሑ ኣባላት ምስ'ቲ ቀዳማይ ጽዕነት ክብገሱ ከለዉ፡ ኣርባዕተ ዝኾኑ ኣባላት ግን፡ መጻዓኛ ረኺቦም ነቲ ዝተረፈ ጽዒኖም ከርክቡ ብምርድዳእ ድሕሪት ተረፉ፡፡

እቲ ቐዲሙ ዝተሳዕለ ተተኳሲ፡ ዕለት 19/5/1988 ወጋሕታ ኣብ ገርገር በጽሐ፡፡ ግን፡ ቀዳሞት ኣግማል ጽዕነቶም ንኸራግፉ ክበርኹ ምስ ጀመሩ፡ ካብቲ ጽዕነት ሓደ ቦምባ ሂም! ኢሉ ተፈንጀረ፡፡ ናይ ሓንቲ ቦምባ ምፍንጃር'ውን ንኻልእ ቦምባታት ስለ ዝለኮመት፡ ኣብ ልዕሊ ሰባትን ኣግማልን ቀዛፊ ሓደጋ ብምውራድ፡ ስጋ ሰብን ኣግማልን ተሓዋዊሱ፡ ከም ቋንጣ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ኣግራብ ተንጠልጠሉ፡፡ ንዕሉቶም'ቶም ኣግራብ፡ በቲ ነትጉ ተቓጺሎም ሸባዕባዕ በሉ፡፡ ኣብቲ ባርዕ ስጋ ሰብን እንስሳን ተሓዋዊሱዎ፡ መሬት ቃሪትን ቋንጣን ሸቲቱ፡፡

ኣብቲ ዘሰካሕክሕ ሓደጋ፡ በረኸት ፍስሃዬ ጉብሩ (ወዲ ሽቃ)፡ ዳኒኤል ገብራይ ምንያ፡ ክፍለጽዮን ኣስፍሃ ገብረእምላኽን ገብረክርስቶስ ሃብተ ተወልደን ተሰዊኦምና፡፡ ተዓገስ ሓጎስ ዘርኢሓንስ ድማ ዳርጋ ኩሉ ኣካላቱ ነዲዱ፡ ብጆቕጢ ናይቲ ፍንጃር ንገለ ሜትሮታት ኣርሒቑ ተደርበዩ፡፡ ግን፡ ካብ ማስዋእቲ ድሒኑ፡ ኣርባዕተ ካብቶም ምስ ኣግማሎም ዝተኣዘዙ ገባር ከኣ ህይወቶም ስኢኖም፣ ሓደ ብጽኑዕ ተወግኡ፡፡ ካብ ናይ ገባርን ኤምዳድን ኣጣቓላሊ ሓሙሽተ ገመል ሞይቶም፡ ክልተ ተወጊኣም፡፡

ሰወእ በረኸት ፍስሃዬ፡ ካብቶ ቀዳሞት ኣባላት ኤምዳድ ናይ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ኮይኑ፡ ንሳሕል ንኽብበስ ዕጥቂ እና ዓጠቐ ከሎ፣ ግን ኸና ከይተቐለ እዩ ዝተሓተ። ጸዕናት ኣግማል ካብ መንሱራ ተበጊሶም ስለ ዘርከቡዎ፡ ኣብ ምርጋፍ ንብጾቱ ክሕግዝ ናብቲ ስራሕ ምስ ተጸንበረ እቲ ሓደጋ ስለ ዘጋጠመ ኣብኡ ተሰዊኡ፡፡

ኣብ ክፍሊ ዕቃበ ብረት፡ ብፍላይ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ፡ ወላ'ቲ መሰረታዊ ሕጋጋት ድሕነት ኣጽዋር እንተተፈልጠ፡ ንኸተማልኦ ግን ኣጸጋሚ ነይሩ፡፡ ኣጽዋር፡ ዝተማረኸን ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዝተረኽበ ከም ምኳኖም መጠን፡ ኣብ ምግዕዓዞም'ውን ብዙሕ ገልጠምጠም ዝበሉ፡ ኣብ ዘይምቹእ ቦታታትን ኩነታት ኣየርን ዘይንቡር ኣተዓቓቕባ ዝነበሮም እዮም፡፡ ብኸምዚ ምኽንያት፡ ብዙሕ ሰባዊ ሓደጋ የጋጥም ነይሩ፡፡ ግን፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ክፍሊ ዕቃበ ብረት፡ ነዚ ጸገማት'ዚ ከም ንቡር ተቐቢሉ፡ ብዘይ ስግኣት፡ ጥርጣረን ፍርሓትን ይሰርሕ ነይሩ፡፡ ኣጽዋር፡ ብፍላይ ከኣ ተተኮስቲ፡ ኣገልግሎቲ ንሽቶ ኣዝዩ ልዑል ክሽበሮ ጥንቃቐን እናገበረ ድሕነቶም የውሕስ ነይሩ፡፡ ቅድሚ ኩሉ ንድሕነት ኣጽዋር ቀዳምነት ዝሃበ ኣሃዱ'ዩ ነይሩ፡፡

ኣብ ተተኩስቲ ባርዕ ምስ ዘጓንፍ፡ ኣብ ሕጋጋት ድሕነት፡ "ንህይወት ወዲ ሰብ ቀዳምነት ሃብ" እዩ ዝብል፡፡ ኣባላት ክፍሊ ዕቃበ ብረት ግን፡ ነቲ ዝተረፈ ተተኳሲ ከውጽኡ'ዮም ዝቐዳደሙ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ 1977 (ውግእ ሰምሃር)፡ ኣብ ዒላ ገመድ ብደብዳብ ነፈርቲ መኽዘን ኣጽዋር ህዝባዊ ግንባር ክብራዕ ምስ ጀመረ፡ ኣባላት፡ ብኹሉ ኣንፈታት ተፈንጃሪ እናመጽኦም እናተሳሕቱ፡ ብሓደ ጫፍ መኽዘን እናኣተዉ፡ ተተሰኪሞም ቦምባታትን ብረትን የውጽኡ ነይሮም፡፡ ኣብ ካልእ'ውን ተመሳሲሉ፡፡

ኣብ መስርዕ ገርገር'ውን፡ ቦምባታት ናይ ምፍንጃር ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ፡ እቶም ብሂወት ዝተረፉ ኣባላት፡ ህይወት ዝተወግኡ ብጾቶምን ዘይተተንከፈ ቦምባታትን ንምእላይ ተቐዳደምም፡፡ ዝተረፉ ኣግማል ሰንቢዶም፡ ካብ መሳርያም ፈንጢሶም ኣእጋርም ናብ ዝመርሖም ምስ ጽዕኖም ፋሕ ብትን ኢሎም፡፡ በቲ ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ኣብቲ ኸባቢ ዝነበሩ ህዝብን ተጋደልትን እንታይ ኣትዩና! ኢሎም ክረድኡ መጺኦም፡፡ ህዝቢ፡ ነቶም ዝሃደሙ ኣግማል ብምእካብ፡ ነቲ ኣብ ቦታኡ ፋሕፋሕ ዝበለ ተተኳሲ ኣብ ምጥርናፍ ዓቢ ኣበርክቶ ገበረ፡፡

እዛ ሓደ ሰሶ ተጋደልታ ዝሰኣነት መስርዕ፡ ተመሳሲሊ ዕድመ ዝነበሩ፡ ኣዝያ ውህደትን ስጥምትን ኣሃዱ ነይራ፡፡ በቲ ዘጋጠመ ክስተት መሪር ሓዘን እናተሰምዓ፡ ነቲ ዝተረፈ ኣጽዋር ኣብ ግቡእ ቦታኡ ንምዕቃብ ስራሓ ክትቕጽል ነይሩዋ፡፡ ግን፡ ኣባላታ ብማስዋእቲ ስለ ዝተጓደሉ፡ ነቲ ኣስታት 60 ጽዕነት ገመል ዝኸውን ተተኩስቲ ትሕቲ ባይታዊ መኽዘኒ ሰሪሕካ ንምምስሳሉ ተወሳኺ ጉልበት ሰብ የድልያ ነይሩ፡፡ እንተኾነ፡ እቲ ተተኳሲ ብህጹጽ ክእለ ስለ ዘብሮ፡ ንምስጢራውነቱ'ውን ብውሱናት ሰባት ክተሓዝን ክስራሕን ስለ ዝበሮ፡ ቡዶም ዝበሩዎ ዓቕሚ ኣባላት ኣብ ከባቢ ጎቦ ገርጃም ክትቀብሮ ወሰነት፡፡

ከባቢ ጎቦ ገርጃም፡ ካብ መእከርም ቀረባ፣ ብዙሒ ሓጻ'ውን ስለ ዘለዎ፡ ጎዳጉዲ ፍሒርካ ክትቀብሮን ከተመሳስሎን ቀሊል እዩ፡፡ ብዙሓት ኣዛብእ ዝርከቡሉ ቦታ'ውን ብምዃኑ፡ ኣብ ጸምዋን ለይትን ሰባት ክንቀሳቐሱዎ ኣይደፍሩን እዮም፡፡ ኣባላት፡ ነቲ ኸባቢ ብኸምዚ ስለ ዝመረጹዎ፡ ኣጽዋርም ኣብኡ ቀበሩ፡፡

ኣብ ምቕባር፡ ካብ ሰዓት ሸውዓተ ድሕሪ ቐትሪ ክሳብ ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ወጋሕታ ብዘይ ዕረፍቲ ክትሰርሕ ትሓድር ነበረት፡፡ ኣባላት እዚ ብዘስዓበሎም ድኻም፡ ንመግቢ ግምት ከይሃቡ፡ ንግሆ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣግራብ ፋሕ ኢሎም ደቂሶም ነበሩ፡፡ ኣብቲ ኸባቢ ዝቕመጡ ገባር ድማ፡ በቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ሰንቢዶም፡ እቲ ንበር ናይ ሓዘን ምብጻሕ ክዕብሩ ናብቶም ኣባላት ውሓዙ፡፡ ግን፡ እቶም ኣባላት፡ ካብ ብጾንሆኡ ከረው! ኢሎም ደቂሶም ይጸንሑዎም፡፡ እዚ ነገር'ዚ ዘይበርሃሉ በጻሓይ (ህዝቢ)፡ "እንታይ ዓይነት ሕልና ዘይብሎም ሰባት እዮም! ብጾቶም ተሰዊኦምስ ንሶም ከኣ ዕጅብ ከይበሎም ክንደዚ ይድቅሱ!" ኢሎም ሓሚዮምም፡፡

ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ዝሰርሑ ኣባላት ኤምዳድ (ዕቃበ ብረት)፡ እንታይ፤ ኣበይ፤ መዓስ ይሰርሑ ሰብ ኣይፈልጦምን ነይሩ፡፡ "ምስ'ዚ ኹሉ ጉብዘንኦም፡ ብዘይካ ብልዕን ድቃስን ካልእ ዘይፈልጡ!" ተባሂሎም ይሕመዩ ምንባሮም ይፈልጡ እዮም፡፡ ወላ'ኳ ኣማስጋንን ተማስጋንን ዝጉብኦ ማስዋእቲ እንተዘይከፈሉ፡ መስርዕ ሰሜኑ ክሳብ ሕጂ ነቲ ናይ ምብጻሕን ምጽንናዕን ሰናይ ተግባር ህዝቢ ገርገር ኣይረስዑዎን፡፡ እዞም ፍጻመታት'ዚኦም፡ ሓደት ኣብነታት ካብ ኣብ ክፍሊ ዕቃበ ብረት ዝተራእዩ ሓደጋታትን ኣባላት ዘርኣዩዎ ተወፋይነትን እዮም፡፡

እቶም ብኽፍሊ ህዝቢ ነበሮምን ኣግማሎምን ኣጽዋር ክጾርቱ ተኣዚዞም ኣብ መስርሕ ሰውራዊ ኣበርክቶ ከለዉ ህይወቶም ዝሰኣኑ ኣርባዕተ ገባር፡ ካብ ከበቢታት መንሱራ ዝመጹ ኮይኖም፡ ብመንገዲ'ቶም ጀማሂር (ክፍሊ ህዝቢ) ከም ደቢስ ናይ ገዛዚበን እኽልን ሓገዝ ተገይሩሎም፡፡ ዕቃበ ብረት መስርዕ ሰሜኑ ምስ ህዝቢ ዘራኽብ ጥቡቕ ስራሕ'ኳ እንተዘይ ነበረ፡ ኣብ ማእከል ህዝቢ ትቕመጥ ብምንባራ ግን፡ ንህዝቢ ኣብ ምድጋፍ፡ ካብኣ ብዘድሊ ነገራት ትዋሳእ ነይራ እያ፡፡ ኣብ ህዝባዊ ማሕበራዊ ምጉናእን ምዕጻድን ዘራእቲ ሓረስቶት ትተሓጋገዝ ነይራ፡፡ ኣባላት፡ ብዙዕባ ስራሓቶምን ዕምምቶምን ከምኡ'ውን ምስ ህዝቢ ኣብ ዝበርዎ ዝምድና ክዝረቡዎ ብዙዕባ ዝምርኽ ተዋሳእነት ኣመልኪቶም ኣብ ውሽጦም ገምጋም የካይዱ ነይሮም፡፡ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሳቶም ንስነ-ምግባርን ክብርታትን ተጋደልቲ ብዘሕሉ መንገዲ ክኸውን ብጥንቃቐ ይዝትዩሉ ነይሮም፡፡ ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ ምስ ህዝቢ ብዝፈጠሩዎ ጥቡቕ ዝምድናታት፡ ብዙሓት ኣብነታውያን ስድራቤታት ብምሉእ ልቢ፡ ግዜኦን ጉልበተንን ደቀን ብምስላፍን ሰውራዊ ኣበርክቶኣን ኣማስኪረን እየን፡፡

ይቕጽል...

ማ/ምርምርን ሰነዳን
ቤ/ጽ ሓለቓ ጠ/ስታፍ

ገለ ካብ ኣባላት መስርዕ ሰሜን

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰልን ብፍ/ሰ/ዕዳን ንሬጽሚ ዝምልከት ክርክር ከምዝሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ቁ.2 ሰናይት ሃብተጊዮርጊስ 4. ፊልሞን ሃብተጊዮርጊስ 5. የንስ ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ልዕሌኹም ንሬጽሚ ዝምልከት ወ/ሮ ሸዋይሽ ዘርኣት ክሲ ማስረታ ስለዘሉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ዓና ኢንዱስትሪ ሓዚብማን ነፍ/ ኤልሳቤጥ መሻሽ ግርማይ ኪዳ ተሰፋጽዮን ተጸዋዒ ጨረታ 1. ነፍ/ኤልሳቤጥ መሻሽ 1.1 ወይኒ ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.2 ሓረት ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.3 ኣስቴር ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.4 ኤፍሬም ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.5 ብስራት ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.6 ኢያብ ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.7 ነፍ/ኣልማዝ ኪዳ ተሰፋጽዮን 2 ነፍ/መሻሽ በየን 3. ነፍ/ ይሕደጎ ጉብረሚካኤል 3.1 ሂወት ኣብርሃ ግበረ ወከል 3.1.1 ዓ.ቢ. ይሕደጎ ጉብረ 4. ኣስቴር ኪዳ ተሰፋጽዮን 5. ኤፍሬም ኪዳ ተሰፋጽዮን 6. ብስራት ኪዳ ተሰፋጽዮን 7. ኢያብ ኪዳ ተሰፋጽዮን 1.7.1 ሶፋኒት ሚካኤል 1.7.3 ሰድ ሚካኤል 3.2.1 ዓ.ቢ. ይሕደጎ ጉብረ፤ ክሳሲ ብ17/07/36 ናይ ትእዛዝ መዘዙብ ስለ ዝኸፈተ፡ ተጸዋዕቲ ቁ1.1. 1.4 1.5 1.6 1.7 2.2 ንትካል ዓና ኢንዱስትሪ ሓዚብማ ዝምልከት መዘዙብ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣመልካቲት ን26/05/25 ኤልሳም እስቲፋኖስ መንግስ፡ ወከልቲ 1. እስቲፋኖስ መንግስ ንጉሰ 2. ናዝሬት የውሃንስ፣ ብመንገዲ ወላዲታ ናይ ምእራም ስም ስለ ዝበረ፡ ኣብ እዋን መሻሻ ስለ ዝበርከቱ፡ ቀጻሪ ስለ ዝሓለፈ፤ ካብ መሻሻ ምስ ተመለሱ መዘዙብ ተዓጽዩ ተንቀሳቒሱ ማስርሒ ዳግት ክቕጸልን ውሳኔ ክወሃበን የመልከት ዝበል እዩ።

ሳባ ደብረጼን ዑቕባ፡ ወላዲተይ ኣስካሉ ጊላይ ኪዳ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉት ስዩም ኣብርሃ፡ ተጸዋዕቲ ግደይ ተሰፋማርያም ጉብረመድህን 1. ለቻኖ ረሶ 2. ካርሚሎ ረሶ፡ ኣደይ ግደይ ተሰፋማርያም ጉብረመድህን ዘዝገበረትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ናበል ፕሩቨኒ ኢልዩ፡ ወላዲ ኣቦይ ፕሩቨኒ ኣኤልዮ ብህይወት ከሎ ናይ ህያብ ውዕል ገይሩለይ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ተራቮሎ ዚፕ 1A/744 ጎደና ዓዲ ሃርግ፡ ብመለለዪ መሬት ASP00017153 ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት ካዳስተር 1;000021፡ ፕሎት 138 ፓርሳል M ቁጽሪ ገዛ 505 ስፍሓቱ 312.5 ት/ሜትር ዝኾነ (ቪላ ሳዕልን ታሕትን) 6 ቀንዲ ክፍልታት 9 ሓገዝቲ ክፍልታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ ዞባ ማእከል ከተማ ዚፕ 1A.119 ጎደና ሰራዩ፡ ብፓርሳል ዞን ASP00006653 ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት ካዳስተር 1፡ 011148/2 ቁጽሪ ገዛ 47 ፕሎት 27 ፓርሳል W ስፍሓቱ 109.22 ት.ሜትር ዝኾነ 4 ቀንዲ ክፍልታት 1 ተሓጋጋዚ ክፍሊ፡ ዋንነቱ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓይ ንብረተይ ክኸውን ዝሃቦ ኑዛዜ ብውሳኔ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ስምረት ጎይትኦም ጉብረእግዚኣብሄር፡ ተጸዋዒ ልኡል ሃይለሚካኤል ደስታ፡ ንጹር ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ልዋም ጉብረህይወት ሞጐስ፡ ተጸዋዒ ኣማኒኤል ደብረጽዮን ጸጋይ፡ ናይ ሞግዚትነት መዘዙብ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/11/2026 ኣብ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ የዲት ሃ/ጊዮርጊስ ጉብረድንግል ምግቢ ተሪፉ፡ ኤደን ሃብተጊዮርጊስ ጉብረድንግል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ናትናኤል መሴ ከተማ፡ ምግቢ ተሪፉ፡ ናትናኤል ወልዱ የማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳይሞን ኣማኑኤል መንግስቱ፡ ኣደይ ርብቃ ኣማኑኤል መንግስቱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲኣ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳይሞን ኣማኑኤል መንግስቱ፡ ምግቢ ተሪፉ፡ ሳይሞን ኣማኑኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓንደይ ኣብርሃም ዓንደጼን ኣቡሓጎይ ተሰፋሚካኤል ኣየሸም ዑቕባጼን ከምኡ'ውን ዓጸይ ኢሰን ባህታ ሓጀህብትዋስ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማቴዎስ ኣማኑኤል መሓሪ ምግቢ ተሪፉ፡ ማትያስ ኣማኑኤል መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሪም ኣማኑኤል መሓሪ ምግቢ ተሪፉ፡ ኤሪም ኣማኑኤል መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መዚት ተሰፋማርያም ሃይለሚካኤል ምግቢ ተሪፉ፡ ቅሳት ተኽለም ሓይለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰም ተሰፋህይወት ዛህላይ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰም ተሰፋህይወት ዛህላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሄኖክ ኤፍሬም ምግቢ ተሪፉ፡ ሚካኤል ኤፍሬም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ኑቢያት የናስ የሴፍ፡ ተኸሳሲ ሄኖክ ግርማይ በራኺ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ሂቢል ሳልሕ መሓመድዓለዊ፡ ምግቢ ተሪፉ፡ ናስር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተወልደብርሃን ኣብርሃም፡ ስም ወድና ኣዶናይ ተወልደ ኣብርሃም ምግቢ ተሪፉ፡ ኣዶናይ ተወልደብርሃን ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ለተሚካኤል ኪዳኑ፡ ብዓል ቤተይ ከርስ ሓጎስ ደስታ ስለዝዋረፈ፤ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

የውሃንስ ጉብረመድህን ሃብቱ ምግቢ ተሪፉ፡ የውሃንስ እስቲፋኖስ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ ኣፈወርቂ ጉብረቆርቆስ ሃብቶም፡ ብዓልቲ ቤተይ ስለዝዋረፈት፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ጉብረሸሰስ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መብራህቱ ተኽለ ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኲላ

ወ/ሮ ለተኺዳን ወልደሚካኤል ፍስሃጼን፡ ብዓል ቤተይ ወልደጉብረኤል ተኽለ መብራህቱ ስለዝዘዝሰውኡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድኑር መሓመድ ዓሊ ሓሰኑ ምግቢ ተሪፉ፡ መሓመድኖር መሓመድ ዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ብወከሉ ሓድግምባስ ተከኤ፡ ተኽለሃይማኖት ሓድግምባስ ምግቢ ተሪፉ፡ ኣሌክሳንደ ሓድግምባስ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ብፍ/በ/ማሰል ኣቶ ተከኤ የማን ኣሚኑ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ወረ/ነፍ/ሄር ኢልያስ ወልደስላሴ ሃንስ 2. ወ/ሮ ምሕረት ዐስማን ማሕራይ፣ ንሬጽሚ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣብ መንጎ ኣመልካትን ተጸዋዕን ንዘርከብ ናይ ሞግዚት ጉዳይ፡ ኣመልካቲት፡ ካብ ተጸዋዒ ብሕጋዊ ቃል ኪዳን ዝወለደትዋ ሓንቲ ቈልዓ ማርታ ጸጋዕ ተኽለይ ናይ ሞግዚት ስልጣን ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡

ማሰረት ተሰፋይ በቀለ ምግቢ ተሪፉ፡ ነጻት ተሰፋይ በቀለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ለምለም እምባዩ ተኽለገርግሽ፡ ብዓል-ቤተይ ሓሰን ፍቕረ ጆምዕ ስለዝዘዝሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓይም ሳልሕ ማሰልሑ፡ ስም ኣደይ ዐወይዳ ኦኣይደ ዐጥቃ ምግቢ ተሪፉ፡ ዕወይዳ ምዕጥ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ደርጋኣለም ተሰፋይ ተወልደ ምግቢ ተሪፉ፡ ደርጋኣለም ተሰፋመንቅርዮስ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ወ/ሮ ኣለማሽ ወልደሃይማኖት ተሰፉጊርግስ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 830 ቁጽሪ መዘዙብ 807 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ትካለይ። ንወ/ሮ ሰላም ተወልደ ባህታ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ / ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07277712 ካብ ዕለት 01/11/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርዮ ስለ ዘለኩ ዝቓወም እንተሎ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓኣውምኡ ከቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ዝቓወም ኣካል ከምዘይለአ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

1 ኣለማርሽ ወልደሃይማኖት
ሕጋዊ ወኪ. ተኽለወይኒ ተሰፉጋብር

ብስም ወ/ሮ ለተባሃን ጉብረትንሳኤ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 15970 ቁጽሪ መዘዙብ 13997 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ዝርክዝር ሃለኽቲ ኣሕምልቲን ፍረታትን ትካለይ። ንኣቶ ማስፍን ግደይ ጉብርእግዚኣብሄር ዓዲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07237132 ካብ ዕለት 11/08/26 ክሳብ ዕለት 11/08/2028 ኣካርዮ ስለ ዘለኩ ዝቓወም እንተሎ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ ከቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ዝቓወም ኣካል ከምዘይለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ኣከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

ለተብርሃን ጉብረትንሳኤ

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

VACANCY ANNOUNCEMENT

Aggreko International Eritrea Project LTD is inviting applicants for the following position for its Bisha Site Project;

Electrician

Job Title 1: **Electrician**

Reporting Level: The position reports to the Site Operations Supervisor
Purpose of the Job: To operate, maintain and repair Aggreko equipment as per work instructions in accordance with Aggreko standards.

Key responsibilities:
- To carry out major electrical equipment maintenance as per work instruction on Aggreko equipment
- To carry out systematic fault finding and repairs on electrical and control equipment.
- To carry out high voltage Aggreko equipment maintenance.
- To carry out procedural based failure reporting using paper and electronic systems
- To carry out 'A' service maintenance as per work instruction on Aggreko generators
- To carry out 'On the Job Training' for Service Crew.
- To complete and maintain paper and electronic records as per site specifics
- Operate the Aggreko service mobility system
- To operate and diagnose Aggreko control systems.
- Issuing AC electrical 'permit to work'.
- To carry out switching on LV and HV Aggreko equipment
- Assisting with the installation and demobilisation of Aggreko equipment.
- To follow and comply with Aggreko QHSE standards
- Adherence to 5S
- Safety of self and others

Aggreko places a strong emphasis on health, operational safety and environmental protection. It is a requirement and moral obligation of each employee to be actively committed and accountable for compliance to the Aggreko Health, Safety & Environmental policies, operating procedures and compliance to local legislation.

- **Qualifications and Skills**
- Qualified artisan in accordance with local labour laws
- Must successfully complete ALL assessments in compliance with Gen Tech Electrical requirements.
- The ability to use specialist tools and ensuring all tooling is calibrated in accordance with Aggreko standards and local legislation.
- Must be capable of working in a restricted space and at heights up to 2.5 metres
- Ability to work autonomously when required
- Ability to coach and mentor

To be certified as AP/HV or CP/HV after a defined grace period and maintain certification throughout employment

- **General Information and other requirements:**
- **Place of Work**: Bisha site.
- **Type of contract:** Indefinite Period.

Salary: As per Company salary scale.

- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender and,
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to :
Aggreko Internatonal Eritrea Project Limited
P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Ministry of Labor and Human Welfare
Department of Labor
P.O.BOX 5252, Asmara, Eritrea

ምስጋና

ብዕረፍቲ እኽፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ኣልጋሽ ተኽለኣብ ዘርእዝጊ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጽሕኩማ፣ ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ኣብ መቓብር ቤት ገርግሽ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ቴለፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ፡ ናይ ሕትመት መሳርሒ ማሽን ፎቶ ኮፕየርን ፕሪንተራትን ምጽጋንን ምዝያትን ከምኡ እውን ንተማሃሮ ዝገልግል ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ዝሀብ ትካል ፎቶኮፒ ንዓመት 2027 ከማሪት ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ሕጋውያን ተጫረትቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1.ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ፡ ታሲራ ፎቶ ኮፒ፡ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ናይ 2025 (Clearance) ምቕራብ የድሊ፤
2. መኽበሪ ጨረታ ንጽገና ፎቶኮፕየራትን ፕሪንተራትን (10.000) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ፡
3.መኽበሪ ጨረታ ንትካል ወሃብቲ ኣገልግሎት ፎቶኮፒ፡ ፕሪንት፡ ላሚኔይት ወዘተ. . . ድማ (10.000) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ፡
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሓደ ወርሒ ጨረታ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ኣብ ቤ/ጽ/ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኸቡሉ ጨረታ ይኽፈት።

ሓበሬታ ንዝደሊ ፎርም ናይ ጨረታ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ቁኣሬስ 88 ምውሳድ ይከኣል። ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ ብቁ.ተሌፎን 08371121/07236617 ብምድዋል ናብ ቤ/ጽ/ ምምሕዳር ክትውከሱ ትኽእሉ።
5. ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረኸበ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ

ዛዕባ ሎሚ

ዓንቀጽ 2 ቅዋም ኢትዮጵያ፦ ‘ቀይሕ ባሕሪ ኣይብጸሓንን እዩ’!

ሳሙኤል ገብረብርሃን
ክኢላ ሕጊ

ኣብ መድረኽ ዓለምለኻዊ ፖለቲካ፡ ሓደ መንግስቲ ናይ ጎረቤቱ ወሰኛዊ ቅልውላዋት ንምሽፋን ናይ ወረር ነጋሪት ክዘርግን ናብ ልኡላዊ ግዝኣት ገረባብቱ ኣዒንቱ ከቋምትን ከሎ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ጥሕሰት ዓለምለኻዊ ሕግታትን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ጥራይ እዩ ዝዘርብሉ። ይኹን እምበር፡ ሎሚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብመራሕቲ ብልጽግና ዝሰማዕ ዘሎ “ቀይሕ ባሕሪ እንተ ብውዲ እንተ ብሃይሊ ክንወስዶ ኢና” ዝብል ናይ ኩናት ፅንደራ፡ ቅድሚ ናብ ኣደባባይ ዓለም ምውጽኡ፡ ባዕሉ ነቲ ኣብታ ሃገር ዝለዓለ ሕጊ ተባሂሉ ዝእመነሉ ‘ቅዋም’ ብግህዶ ዝጥሕስ ስሩዕሮራላውን ሕጋውን ክሳራ እዩ። እዚ ናይ ፖለቲካ ሳግጺዝ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ዘይወጾ ናይ ሕጊ መፈንጠራ ከም እተሸኸለ የረጋግጽ። ብዙሓት ሰባት ዘየስተውዕልዎ ዓቢ ሕጋዊ ሓቂ ድማ፡ እቲ መራሒ ስልጣኑ ንምዕቃብ ክብል ዘሰምየ ዘሎ ናይ ባሕሪ ፈኸራ፡ ንኤርትራ ዘይቶክኡ፡ ቅድም ቀዳድም ነቲ ንሱ ባዕሉ ዝመሓለሉ ናይ ጎዝኣርእሱ ቅዋም ብኢዱ ከም ምቕዳድ ዝቆጽር ቅዋማዊ ጥልመት ምኳኑ እዩ።

ቅዋም ፈደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ (ኣፈዲሪ)፡ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፉ፡ ኣብ ዓንቀጽ 2፡ ብንጹርን ብዘየወላውልን ቋንቋ፡ ናይታ ሃገር ግዝኣታዊ ወሰን ብንጹር ኣቐሚጡዎ ኣሎ። እቲ ዓንቀጽ ከምዚ ይእውጅ፦

“ናይ ኢትዮጵያ ግዝኣታዊ ወሰን፡ ንግዝኣት ናይተን ኣባላት ፈደረሽን ዝኾና ክልላትን ነቲ ብዓለም ለኻዊ ውዕላት ዝተወሰነ ናይ ኢትዮጵያ ዶብን ዝሓቁፈ እዩ።”

እዚ ድንጋገ ንዝኾነ ብቑዕ ሕጋዊ ሚዛን ዝምርምር ሰብ ቁልጭ ዝበለ መልሲ ይህብ። ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርከባ ኣባላት ፈደረሽን ዝኾና ክልላት ኩለን፡ ፈጺመን ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝበጽሕ ወይ ገምገም ባሕሪ ዘለወን ኣይኮናን። ካልኣይ፡ እቲ ቅዋም “ብዓለምለኻዊ ውዕላት ዝተወሰነ ዶብ” ኢሉ ብምግላጹ ይእመን። እዚ ማለት፡ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ዘለዋ ናይ መሬት ይኹን ናይ ዶብ ደረት፡ ኣብቲ ምስ ጎረቤታ ዝተኸተሙ ዓለምለኻውያን ውዕላት ዝተሓጸረ ምኳኑ እዩ ብንጹር ዝገልጽ። ስለዚ ካብኡ ወጻኢ ሓንቲ ስድሪ መሬት ወይ ሓንቲ ጠብታ ባሕሪ ናይ ምጥላብ ቅዋማዊ መሰረት የብላን። እዚ ድንጋገ ንባዕሉ፡ ኢትዮጵያ ወደብ-ኣልቦ ሃገር ምኳና፡ ባዕላ ዝፈረመትሉ ናይ ጎዝኣርእሳ ናይ መውዳእታ ሕጋዊ መደምደምታ እዩ።

እዚ ኣብ ዓንቀጽ 2 ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወግዒ ሰፊሩ ዘሎ “ብዓለምለኻዊ ውዕላት ዝተወሰነ ዶብ” ዝብል መትከል፡ ምስቲ ብሰነዳት ዝተረጋገጸ ታሪኻዊ ሓቅታት ውዕላት ዶብ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር እዩ። እቶም ውዕላት፡ ሃጸይ ምኒሊክ ባዕሉ ብኢዱ ዝኸተሞም ናይ 1900፡ 1902 ከምኡ’ውን 1908 ናይ ዶብ ውዕላት እዮም። ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ 1964 ኣብ ካይሮ ደው ኢሉ “መግዝኣታዊ ዶባት ዝለኣለም ዘይድፈሩ ክኾኑ ኣለዎም” ኢሉ ብውሳኔ AHG/ Res. 16 (1) ዘጽደቖ ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ሕጊ’ውን እዚ ዓንቀጽ’ዚ ዝድግፍ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ፡ እቲ ብ12 ታሕሳስ 2000 ዝተኸተመ ውዕል ኣልጀርስን ብመሰረቱ፡ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝተበየነ ናይ ኮሚሽን ዶብ (EEBC) ቀያድን ናይ መውዳእታን ብይን፡ ነዚ ቅዋማዊ ዓንቀጽ’ዚ ብዓለምለኻዊ ማሕተም ዓጽዩዎ ደርኪቡ። ኢትዮጵያ ብ1993 (ድሕሪ ረፈረንዱም - 4 ግንቦት 1993) ንናጽነት ኤርትራ ብወግዓዊ ኣዋጅ ምሉእ ኣፍልጦ ሂባ ዝደምደመት ሃገር እያ። ስለዚ፡ ሓደ ስልጣን ዝጨበጠ ዘይብሱል መራሒ ሎሚ ተንሲኡ “ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ እዩ” ክብል እንከሎ፡ ንልኡላውነት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ዝዳፈር ዘሎ፤ እንተላይ ነቲ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀጽ 2 ሰፊሩ ዘሎ ሕጊ እዩ ዝጥሕሶ ዘሎ።

እቲ ብ16 መስከረም 2018 ኣብ ጅዳ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዪ ኣሕመድን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም፡ ነዚ ቅዋማዊ ድንጋገ’ዚ ኣብ ቅድሚ ዓለም ናይ መውዳእታ መዕጸዊ ማሕተም ዝሃበሉ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ናይ ምፍራም ስነስርዓት፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፣ ዋና ጸሓፊ ሕብረት ኣፍሪቃ ሙሳ ፋቂ፣ ንጉስ ስዑዲ ዓረብ ቢን ዓብደል ዓዚዝ፣ ወረስ ዓረት ንግስነት ስዑዲ ዓረብ መሓመድ ቢን ሳልማን፣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ሸኽ ዓብዱላሂ ቢን ዛይድ ኣናህያን ብኣካል ተቐሚጦም መስኪሮምሉ እዮም። እቲ ውዕል ኣብ ሕቡራት ሃገራት (UN Depositary) ተመዝጊቡ ዝጸደቐ ዓለምለኻዊ ሰነድ እዩ። ኣብቲ ውዕል፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነቲ ናይ 2002 ናይ ሄግ ናይ ዶብ ውሳነ (EEBC) ብዘይ ቅድመ-ኩነት ከም ዘኽብሮ ብኢዱ ፈሪሙ ወጺኡ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ቅዋም ኢትዮጵያ ዓንቀጽ 2 ዘሎ “ዓለምለኻዊ ውዕላት” ዝብል ቅዋማዊ ትእዛዝ፡ ኣብ ጅዳ ብወግዒ ተሓዲሱ ኣብ ቅድሚ ሕቡራት ሃገራት ዝተዓጽወ እዩ። ሎሚ ተመሊስካ ናይ ባሕሪ ፈኸራ ምስማዕ ነቲ ኣብ ጅዳ ዝተኸተመ ናይ ሞት ማሕተም ብፕሮፓጋንዳ ንምትንሳእ ዝግበር ናይ ተስፋ ምቑራጽ ጫፍ ጥራይ እዩ።

እቲ ዝበደደ ሕጋዊ ቅጥፈት፡ ምስቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ስልጣን ክርከብ ከሎ ዝምሕሎ መሓላ መዘኑት ዝተኣሳሰረ እዩ። ቅዋም ኢትዮጵያ ኣብ ዓንቀጽ 9 ንኡስ ዓንቀጽ 1፡ ቅዋም ናይታ ሃገር ዝለዓለ ሕጊ ምኳኑን ዝኾነ ይኹን ውሳነ መንግስታዊ ኣካል ምስኡ ዝጋጮ እንተኾይኑ ዋጋ ኣልቦ ምኳኑን ይድንግግ። ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ 2 ድማ፡ ዝኾነ ዜጋ ይኹን ብዓል ስልጣን ነቲ ቅዋም ናይ ምኽባርን ናይ ምትግባርን ጽኑዕ ግዴታ ከም ዘለዎ የጽንዕ። ሓደ መራሒ ሃገር ስልጣኑ ክርከብ ከሎ፡ ነዚ ቅዋም’ዚ ከኽብሮን ክሰርሕን ኣብ ቅድሚ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኢዱ ኣልዒሉ ይምሕል እዩ። እሞ ደኣ፡ እቲ ነዚ ቅዋም ከኽብር ዝመሓለ መራሒ፡ ነቲ ኣብ ዓንቀጽ 2 ብንጹር ዝተሓንጸጸ ግዝኣታዊ ወሰን ረጊጹ፡ ናይ ካልእ ልኡላዊት ሃገር ባሕርን ወደብን “ብሓይሊ ወይ ብሰላም ክወስዶ እየ” እናበለ ኣብ ቅድሚ ካሜራታት ክፍክር ከሎ፡ ነቲ ዝመሓሎ መሓላ መዘኑት ብግህዶ ይጥሕሶ ከም ዘሎ ከመይ ይሰወር፧ እዚ ተግባር’ዚ ተራ ፖለቲካዊ ጌጋ ዘይኮነ፡ ብቐጥታ ንቅዋም ሃገሩ ዝደፍር ከቢድ ናይ ጥልመት ገበን እዩ።

ኣብ መድረኻት ዓለም፡ ወከልቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ “ሃገርና ብቅዋማዊ ስርዓትን ብልዕልና ሕግን እትመሓደር ዲሞክራሲያዊት ሃገር እያ” እናበሉ ናይ ምስሉይነት ዲፕሎማሲ ክካይዱ ይረኣዩ እዮም። እንተኾነ ግን፡ ሓቂ ኣብ ባይታ ክምርመር ከሎ እቲ ኣካይዳ ፍጹም ምስሉይነት ዝመልኦ እዩ። ሓንቲ ሃገር ብቕዋም ትመሓደር እንተ ደኣ ኮይና፡ እቲ ቅዋም ኣብቲ ንዓኣ ዝጥዕመካ ውሽጣዊ ጉዳያት ጥራይ ዘይትካእ ኣብቲ ንግዝኣታዊ ወሰንካን ንጎረባብትኻን ዝምልከት ዓንቀጻት እውን ብምልኡ ክትግበር ግቡእ እዩ። ንናይ ጎዝኣርእሰኻ ዶባት ኣብ ዓንቀጽ 2 ሓጺርካ ኣቐሚጥካ እናሃለኻ፡ ድሌትካ ንምርዋይ ናብ ልኡላዊ መሬትን ባሕርን ካልእ ሃገር ኣዒንትኻ ምትካል፡ ቅዋማዊ ስርዓት ዘይተሰ ናይ ጫካ ሕጊ ምኽታል ማለት እዩ። እዚ ዓይነት ናይ ዲፕሎማሲ ሽፈጥ፡ ንዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ንምድንጋር ዝግበር ፈተነ እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ሰነድ ባዕሉ ግን ንኹሉ ሓሶታት ዘቃልዕ ህያው መርትዖ ኮይኑ ይነብር። እቲ ዝለዓለ ሕጊ ሃገርካ ዘይፈቕዶ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ሒዝካ ምጉዓዝ፡ ነቲ ትካላዊ ተኣማንነትካ ኣብ ቅድሚ ዓለም ካብ ምድኻም ሓሊፉ ዘምጽኦ ፍረ የለን።


“ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክኽብር ቃል እኣቱ” - ገዛእ ማሕላኡ ዝጠለመ ነዳይ መራሒ

እዚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝሰማዕ ዘሎ ናይ ሓይሊ ምፍርራሕ፡ምስ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ብቐጥታ ዝጋጮ እዩ። ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዓንቀጽ 2 ንኡስ ዓንቀጽ 4፡ ዝኾነት ሃገር ኣብ ልዕሊ ግዝኣታዊ ሓድነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ካልእ ሃገር ካብ ምፍርራሕ ወይ ሓይሊ ካብ ምጥቃም ክትቁጠብ ብንጹር ይእውጅ። እቲ ዘገርም ነጥቢ፡ እዚ ዓለምለኻዊ ቻርተር’ዚ ባዕሉ ኣብቲ ቅዋም ኢትዮጵያ ዓንቀጽ 9 ንኡስ ዓንቀጽ 4 ከም ኣካል ሕጊ ናይታ ሃገር ተቐቢሉዎ ኣሰፊሩዎ ኣሎ። እቲ ንኡስ ዓንቀጽ ከምዚ ይብል፡

“ኢትዮጵያ ዘጽደቐቶም ዓለምለኻውያን ውዕላት ናይዚ ሃገር ሕጊ ኣካል እዮም።”

ስለዚ፡ ሓደ መራሒ ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ናይ ኩናት ነጋሪት ክዘርግም ከሎ፡ ንቻርተር ሕቡራት ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ ባዕሉ ኣብ ውሽጢ ቅዋሙ ዘእተዎ ዓለምለኻዊ ሕጊ እውን ብኢዱ ይጥሕሶ ኣሎ። እዚ ዘርእየና ሓቂ እንተሃልዩ፡ እቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ጠለብ ብዝኾነ ይኹን ሕጋዊ መለክዒ—ብዓለምለኻዊ ይኹን ብናይ ውሽጢ ሃገራዊ ቅዋም—ፈጺሙ ተቐባልነት ዘይብሉ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ናይ ፅንደራ ፖለቲካ ጥራይ ምኳኑ እዩ።

ልኡላውነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ቀይሕ ባሕራን መሬታን፡ ብናይ ፖለቲከኛታት ድሌት ወይ ብናይ ሚድያ ጫውጫውታ ዝናወጽ ኣይኮነን። እዚ ልኡላውነት’ዚ፡ ቀዳምነት ብደምን ብረዚን መስዋእትን ናይ ኣሽሓት ጀጋኑ ደቂ ዝተሓጽረ ቅዱስ ሓቂ እዩ። ካልኣይ ድማ፡ ብዓለምለኻዊ ሕግታት፡ ብቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ዝተረጋገጸ ዘይድፈር ስርዓት እዩ። ሳልሳይን እቲ ኣገዳሲ ዘበርምን ሓቂ ግን፡ እዚ ልኡላውነት’ዚ ባዕሉ በቲ ናይ ኢትዮጵያ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀጽ 2 ብንጹር ዝተመስከረሉ ምኳኑ እዩ! ኢትዮጵያ ብቕዋማ ኣቢላ ዶባታ ብዓለምለኻዊ ውዕላት ዝተወሰነ ምኳኑ ተኣሚና እያ። እቶም ውዕላት ድማ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኤርትራ ጥራይ ምኳኑ ኣረጋጊጾም ወዲኦም እዮም። ስለዚ፡ ኤርትራ ንልኡላውነታ ደው ክትብል ከላ፡ ንግዝእ ርእሳ ጥራይ ዘይኮነት ትጣበቕ ዘላ፤ ንልዕልና ዓለምለኻዊ ሕጊ፥ ንቅዱስ ዶባት ኣፍሪቃ፡ ንሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከይተረፈ እዩ። ዝያዳ ከኣ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ጽኑዕ ሓቂ እያ እተኽብር ዘላ። ማንም ሓይሊ ብፈኸራ ወይ ብሓይሊ ክወስዶ ዝኽእል ሓንቲ ንጣብ ማይ ወይ ሓንቲ ስድሪ መሬት ከም ዘየለ ድማ ታሪኽ ዝመስከሮ ዘይዕጸፍ ሓቂ ኮይኑ ይነብር።

ብጥቕሉሉ’ምበኣር፡ ፍትሒ ሓንቲ እያ፤ ሓቂ ድማ ብናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ኣይትዕብለትን። ኣብ መንጎ ልዕልና ሕግን ናይ ሓይሊ ምፍርራሕን ዘቕመጥ ማእከላይ መርገጺ ፈጺሙ የለን። እቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝሰማዕ ዘሎ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ወረር ፈኸራ፡ ንኤርትራ ዘይተኸሉ፡ ንናይ ጎዝኣርእሰኻ ቅዋም ዓንቀጽ 2 ብኢድካ ምፍራሱ ኔቲ ዝተመሓለ መሓላ መዘኑት ምጥላምን ንሃገርካ ናብ ዓለምለኻዊ ገበን ምምራሕን ጥራይ እዩ ትርጉሙ። ኢትዮጵያ ብቅዋም እትመሓደር ሃገር እንተ ኾይና፡ ቀዳማይ መርኣያ ናይቲ ቅዋማዊ ክብሪ ነቲ ኣብ ዓንቀጽ 2 ዝተሰፈረ ዶባትካ ምኽባርን ንልኡላውነት ጎረባብትኻ ምእማንን እዩ። ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ድማ ነዚ ግሁድ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ሕጋዊ ጥሕሰት ብንጹር ክርእዮን ክኹንኖን ደው ከብሎን ናይ ግድን ይኸውን። ልኡላውነት ኤርትራ ብደም ሰማእታት ዝተነድቀ፡ ብዓለምለኻዊ ሕጊ ዝተዓጽወ፡ ብ‘ቅዋም’ ኢትዮጵያ እውን ከይተረፈ ዝተመስከረሉ ዘይዕጸፍ ናይ ዘለኣለም ሓቂ እዩ! ልዕልና ሕጊ ይንግስ፡ ዓመጽ ይሰበር፡ ልኡላውነት ቀይሕ ባሕሪ ድማ ንዘለኣለም ብኽብረት ይተሓሎ!

— — — — — —

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
10:15	ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
11:45	ደርፊ
12:00	ሃገራዊ መዝሙር
12:02	መቓልሕ መንእሰያት
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:50	ዜና ስፖርት
12:55	መደብ ማህደር
13:30	ዜና (ዓረብ)
13:45	ሄሎ ደባይዋ
14:45	ጩራ ጥዕና
15:30	ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ
17:00	ዜና (ትግርኛ)
17:15	ደርፊ
17:30	ዜና (ዓረብ)
17:45	ሞዛይክ
19:20	እትመት
18:30	ዜና ትግረ
19:00	ገለብ ደሓን ቀጥታ
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ማህደር ሓቂ 2ይ ክፋል
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	ሕዋራት
22:30	ዜና (እንግሊዝ)
23:00	እንዳ ዝማም

ርእይቶ

ኢትዮጵያ ስለምንታይ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይነበራን ስለምንታይ'ከ ንሓዋሩ ኣይህልዋን

ሲራክ ክፍለ

ዘመናዊ ዶባት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ

እተን ሎሚ ንፈልጠን ዘመናውያን ሃገራት ማለት ሎሚ ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶባት ዘውንና ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚረን ቀዋሚ ንጹር ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶብ ዝነበረን ኣይኮናን። ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ውጽኢት ናይቲ ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ-ዘመን፡ ኣብ እዋን ምምቕራሕ ኣፍሪቃ (Scramble for Africa) - ዝተኻየደ ካልኣይ ማዕበል ኤውሮጳዊ መግዛእቲ እየን።

ቅድሚ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ብርግጽ ኣብ ምድሪ ኣፍሪቃ ህዝብታት ከምኡ'ውን ሒያላት ሰፈራታትን ምምሕዳራዊ ኣካላትን ነይሮም እዮም - ካብ ንግስነት ኩሽ ክሳብ ኣዱሊስን ድሕሪኡን ዝነበረ ስልጣኔታት፡ እምብራጦርያታት፡ መንግስታት፡ ሱልጣናትን ኣካባቢያዊ ግዝኣታትን ነይሮም እዮም። ይኹን'ምበር እዚኣም ዓይነት ስርዓታት ዶባቶም ንጹርን ቀዋምን ኣይነበረን። ብቐንዱ ኣብ ምእካብ ግብርን ምእካብ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰብን ዝተሓጸሩ ስርዓታት እዮም ነይሮም። ግዝኣቶም ድማ ብውግእን ምሕዝነትን ይሰፍሑን ይጸብቡን ነይሮም። ብዓለም ደረጃ ንኹእ ርእሶም ናትና ዝብልዎ ንጹር ናይ መሬት ዶብ ኣይነበሮምን። ክሕደሉ የስፍሕዎ ክደኽሙ እንክለዉ ዝጸብብ ግዝኣት እዩ ነይሩዎም።

ዘመናዊ ካርታ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድሕሪ 1880ታት እዩ ቀይሙ

ኤርትራ፥ ብመግዛእቲ ኢጣልያ እተመስረተት ሃገር እያ። ኢጣልያ ኣብ 1869 ብመንገዲ ኩባንያ ሩባቲኖ ኣብ ዓሰብ፡ ካብ ሱልጣናት ናይቲ ከባቢ ንእሽቶ መሬት ድሕሪ 'ምግዛእ'፡ ኣብቲ ሰዓብ ዝመጸ ዓመታት ፍሉኽ እናበለት ፈለማ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ጸኒሓ ከኣ ናብ ከበሳታትን ምዕራባዊ ኤርትራን ኣስፋሕፊሓ። ብ2 ግንቦት 1889 ኣብ ውጫሌ ዝተባህለ ቦታ ናይ ኣበሲንያ ብዝተፈረመ ውዕል ድማ ዶብ ኤርትራን ኣበሲንያን/ኢትዮጵያን ተወሲኑ። ብ1 ጥሪ 1890 ኢጣልያ መግዛእቲ ኤርትራ ብወግዒ ኣዊጃ። ብድሕሪ ወግዓዊ ኣዋጅ ኢጣልያ ማለት ካብ 1890 ኣትሒዙ ከኣ እዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ምስ ልዕሊ 1,300 ኪሎ ሜተር ገማግም ቀይሕ ባሕራ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዋ ልኡላዊት ሃገር ኮይና። ብ26 ጥቅምቲ 1896 - ድሕሪ ውግእ ዓድዋ ድማ፥ ንውዕል ውጫሌ ዝተክአ "ውዕል ኣዲስ ኣበባ" ንኤርትራ በዚ ሕጂ ዘሎ ዶባታ ከም ግዝኣት ኢጣልያ ኣፍልጦ ዝሃበ ሰነድ ተፈሪሙ።

ጅቡቲ፡ ብፈረንሳ እተመስረተት ሃገር እያ። ፈረንሳ ኣብ መንጎ 1883ን 1887ን ምስ ሱልጣናት ዓፋርን ዒሳን ውዕላት ፈሪማ፥ ንፈረንሳዊ ሶማሊላንድ መስረተት። ኣብ 1888 ንወደባዊት ከተማ ጅቡቲ ከም ማእከል ስርዓታ ኣቘመታ። ኣብ 1892 ድማ ርእሰ-ከተማ ገበረታ። እቲ ሽዑ ፈረንሳዊ ሶማሊላንድ ዝበሃል ዝነበረ ግዝኣት ከኣ ኣብ 1894 ብወግዒ ተመስረተ። ብኣጺሩ ጅቡቲ ከም ወግዓዊ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዋ ልኡላዊት ሃገር ኣብ 1894 እያ ቀይማ።

ሶማል፡ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኣብ መንጎ ጣልያንን ብሪጣንያን ተመቒላት - ብሪጣንያዊ ሶማሊላንድ ኣብ 1884–1888 ኣብ ትሕቲ ዕቑባ (መግዛእቲ) ብሪጣንያ ኮይና። ኢጣልያዊት ሶማሊላንድ ድማ ኣብ 1889 ተመስሪታ።

ሱዳን፡ ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ማህዲ፡ ኣብ 1899 ከም ኣንግሎ-ግብጻዊት ሱዳን ተመስሪታ።

ኢትዮጵያ፡ ዳግማዊ ምኒሊክ ካብ 1866 ከም ንጉስ ሸዋ ገዚኡ። ካብ 1889 ክሳብ ሞቱ ኣብ 1913 ድማ ከም ንጉሰ ነገስት ኢትዮጵያ ገዚኡ። እዛ ሎሚ ንፈልጣ ኢትዮጵያ ድማ ብወራራትን ምስፍሕፋሕን ሃጼ ምኒሊክ ኣብ 1898 ዝቖመት ሃገር እያ።

ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣብ 1898 ኣብ ዝቖመትሉ እዋን እምበኣር ኩሉ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ድሮ ኣብ ትሕቲ ልኡላዊ መግዛእታዊ ግዝኣት ካልኦት ሓይልታት ኣትዩ ነበረ። ጣልያን ድሮ ንኤርትራ ሒዛ፥ ፈረንሳ ድማ ድሮ ንጅቡቲ ግዝኣታ ገይራት ነበረት። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቖመትሉ እዋን እጅታይ ክትብሎ ወይ ክትጠልቦ እትኽእል ግዝኣት ገማግም ባሕሪ (mare nullius) ማለት ኣብ ትሕቲ ልኡላውነት ዝኾነት ሃገር ዘይነበረ ገማግም ባሕሪ ኣይነበረን። **ስለዚ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ክትምስረት እንከላ ብዘይ ኣፍደገ ባሕሪ እያ ተመስሪታ።**

ኣብቲ እዋን'ቲ ንሃገረ ኢትዮጵያ ዝመስረተ ሃጼ ዳግማዊ ምኒሊክ ንገማግም ባሕሪ ብዝምልከት ባህጊ ይኹን ወይ ዝኾነ ሕጋዊ ጠለብ ኣይነበሮን። ስትራተጃኡ ስቡሕ መሬት ምስፋሕን ምድልዳልን ብሰላምን ዲፕሎማሲያውን መንገዲ ከኣ መእተውን መውጽእን ንግዲ ምውሓስ እምበር፡ ልኡላዊ ገማግም ባሕሪ ምውናን ኣይነበረን። ስለዚ እዩ ከኣ ብዛዕባ ምህናጽ መስመር ባቡር ኢትዮ-ጅቡቲ ምስ ፈረንሳ ወግዓዊ ስምምዕ ዝገበረ። እቲ ስምምዕ ብጅቡቲ ኣቢሉ መእተውን መውጽእን ንግዳዊ ንጥፈታት ኣገልግሎት ወደብ ምርካብ እምበር፡ ባሕሪ ንምውናን ኣይነበረን።

እዚ ኩነታት ድሕሪ ምኒሊክ እውን ኣይተቐየረን። ድሕሪ ሞት ሃጼ ምኒሊክ ኣብ 1913፡ ኢትዮጵያ ኣብ ዘመነ ስልጣን ልጅ እያሱ (1913–1916) ከምኡ'ውን ኣብ ዘመነ ስልጣን ንግስቲ ዘውዲቱ (1916–1930) ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኮይና እያ ቀጺላ።

ራስ ተፈሪ፡ ኣብ 1916 ከም ሞግዚት መንግስቲ ኮይኑ ግብራዊ ስልጣን ምስ ሓዘ፥ ኢትዮጵያ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይነበራን። ብ2 ሕዳር 1930 ሃጼ ሃይለስላሰ ንጉሰ ነገስት ሃይለስላሰ ዘኢትዮጵያ ኮይኑ ኣብ ዝተሸመሉ እውን እታ ሃገር ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይነበራን።

ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ ንመጀመርታን እኳን ግዜ ባዕላ እተመሓደሮ ኣፍደገ ባሕሪ ዝረኸበት ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ብደገፍ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ኤርትራ ኣብ ፌደራላዊ ውዕል ምስ ኣተወት እዩ። እዚ ግን ፈጺሙ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይነበረን።

ኣብ 1952፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ስሙዊ ፌደረሽን ተገይሩ። ድሕሪ 10 ዓመት ከኣ ሃጼ ሃይለስላሰ ነቲ ፌደረሽን ኣፍሪሱ፥ ኣብ 1962 ብዘይ ፍቓድ ህዝቢ ኤርትራ ንኤርትራ ግዝኣቱ ገይሩዋ። በዚ ዓመጽ'ዚ ኢትዮጵያ ካብ 1962 ክሳብ 1991 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ባዕላ እተመሓደሮ ኣፍደገ ባሕሪ ነይሩዋ። እንተኾነ፥ እቲ ባሕሪ ካብ ኤርትራ ብሓይሊ ዝተወስደ እዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ መግዛእታዊ ኣፍደገ ባሕሪ እዩ ነይሩ። ብሓይሊ ዝመጸ ስለዝነበረ ከኣ ብሓይልን ኻጸን ጥራይ እዩ ክዕቀብ ዝኽእል ዝነበረ።

ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ 1991 ናጽነታ ኣረጋገጸ። ብህዝባዊ ረፈረንደም ናይ 1993 ከኣ ኣህጉራዊ ተፈላጥነታን ልኡላውነታን ብዕሊ ኣረጋገጸ። ኢትዮጵያ ከኣ ናብቲ ኣብ እዋን ምምስራታ ኣብ 1898 ዝነበሮ ኩነታት ተመልሰት። ከም ቀደማ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኮነት።

ኢትዮጵያ እምበኣር ከም ሃገር ካብ እትምስረት ጀሚራ ልኡላዊ ግዝኣት ገማግም ባሕሪ ኣይነበራን። ካብ 1952 ክሳብ 1991 ትቆጻጸሮ ዝነበረት ኣፍደገ ባሕሪ ብዓመጽ ዝሓዘቶ ልኡላዊ ባሕሪ ኤርትራ እዩ ነይሩ።

ኢትዮጵያ ንሓዋሩ ኣፍደገ ባሕሪ ኣይክህልዋን እዩ። ስለምንታይ፧

ኣብ ኣፍሪቃ ሃገራት ልኡላዊ ባሕሪ ክረኽባሉ ወይ ክወሃበን ክጠልባ ዝኽእላ ቅድሚ 130 ዓመት'ዩ ነይሩ። ብድሕሪኡን ሕጂን ንሓዋሩን ግን እቲ ዕድል ተዓጽዩ እዩ።

ሎሚ ነፍሲ ወከፍ ሰድሪ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ብዓለምለኻዊ ደረጃ ተፈላጥነት ናይ ዘለወን ልኡላውያን ሃገራት ዋንነት እዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ገማግም ባሕሪ ናይ ኤርትራ፥ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ሱዳንን ኬንያን ልኡላዊ ግዝኣት እዩ። እዘን ሃገራት'ዚኣተን 'ብእንካን ሃባን' ይኹን ብሓይሊ፡ ልኡላዊ መሬተን ንኢትዮጵያ ወይ ንዝኾነት ካልእ ሃገር ኣሕሊፈን ክህባ፥ ክልወጣ ወይ ክሸጣ ትጽቢት ክግበር ኣይክእልን። ኣብቲ ኤርትራን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን ዝቖማሉ እዋን መግዛእታዊ ዶባት መወዳእታ 19 ዘመን ምናልባት መሬት ይኹን ገማግም ባሕሪ ክወሃቦ ክትሓትት ዝከኣል ነይሩ ይኸውን። ሎሚ ግን መግዛእታዊ ዶባት ምግሃስ ፍጹም ዘየፍቅድ ድልዱል ዝኾነ ሰፊሕ ዓለምለኻዊን ኣፍሪቃዊን ሕግን ስርዓትን እዩ ዘሎ፥

1. **"ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፥ ዓንቀጽ** 2 (4)" - ኣንጻር ግዝኣታዊ ምሉእነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ዝኾነት ሃገር ብሓይሊ ምፍርራሕ ወይ ሓይሊ ምጥቃም ይኽልክል። ብሓይሊ መሬት ምጥራር ብዓለምለኻዊ ሕጊ ክልኩል እዩ።

2. **"ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፥ ዓንቀጽ** 2 (1)" - መትከል ልኡላዊ ማዕርነት ኩለን ኣባል ሃገራት የረጋግጽ።

3. "ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 2625 (1970) - ኣዋጅ ምሕዝነታዊ ዝምድናታት" - ብምፍርራሕ ወይ ሓይሊ ብምጥቃም ልኡላዊ መሬት ምውራር ሕጋዊ ኣፍልጦ ከምዘይወሃቦ የረጋግጽ።

4. **"ኣሰራርሓ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት"** - ካብ ውሳነ 242 (1967) ጀሚሩ፥ ብውግእ መሬት ምምንዛዕ ቅቡል ከምዘይኮነ ብተደጋጋሚ ኣረጋጊጹ።

5. **"መሰረቲ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃ፥ ዓንቀጽ** 4 (b)" - ኣብ እዋን ምጉንጻፍ ናጽነት ንዝነበሩ ዶባት ምኽባር። እዚ ነቲ uti possidetis juris ዝበሃል መትከል ብሕጊ ዘረጋግጽ እዩ።

6. "**ኣዋጅ ካይሮ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ** 1964 (AHG/Res.16)" - መራሕቲ ሃገራት OAU፡ ሃገራት ናጽነተን ኣብ ዝረኸባሉ እዋን ዝነበሩ ዶባት ከኽብሩ ቃል ኣትዮም። እዚ ሓደ ካብ መሰረታዊ ዓንድታት ምርግጋእ ኣፍሪቃ እዩ።

7. "**ውዕል ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ሕጊ ባሕሪ** (UNCLOS)**፥ ዓንቀጽ** 125**ን ክፋል** X**ን**" - ኣፍደገ ባሕሪ ንዘይብለን ሃገራት ናብ ባሕሪ ናይ ምሕላፍን ወደባት ካልኦት ሃገራት ናይ ምጥቃምን መሰል ይህብ። ግን ናይ ልኡላዊ መሬት ዋንነት መሰል ኣይህብን። ንግዳዊ ኣፍደገ እቲ ሕጋዊ መፍትሒ ምዃኑ የረጋግጽ።

ብሓጺሩ፥ ብመሰረት ዘመናዊ ዓለምለኻዊ ሕጊ፡ ዶባት ብሓይሊ፡ ብታሪኻዊ ጸዋ ይኹን ብቁጠባዊ ኣድላይነት ወይ ብጸቕጢ ብዝሒ ህዝቢ ክቕየሩ ኣይክእሉን። ክቕየሩ ዝኽእሉ ብሓባራዊ ፍቓድ እተን ዝምልከተን ልኡላውያን ሃገራት ጥራይ እዩ። ዛጊት ድማ ዝኾነት ሃገር ቀይሕ ባሕሪ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍቓድ ኣይሃበትን። ክትህብ እያ ኢልካ እውን ዘይሕሰብ እዩ።

እንኮ ኣማራጺ፧

ኢትዮጵያ ዘለዋ እንኮ ሕጋዊ፡ ቅቡልን ግብራዊን ኣማራጺ፥ ከምቲ ካልኦት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ዓለም ዝገብራኦ፡ ምስ ጎረባብታ ብቐጥታን ብጸቡቕ ድሌትን ብምዝታይ ንግዳዊ ኣገልግሎት ወደብ ምውሓስ ጥራይ እዩ። ኢትዮጵያ ዘድልያ ኣገልግሎት ወደብ እምበር፡ ዋንነት ወደብ ኣይኮነን። እዚ ማለት፡ ንወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ካብ ኤርትራ፥ ንጅቡቲ፡ ንበርበራ ናይ ሶማል፡ ከምኡ'ውን ፖርት ሱዳን ንምጥቃም፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ሕጊ ንግዱ፡ ክፍሊት መተሓላለፊ፡ ሓባራዊ ትሕተ-ቅርጺን ውሕስነት ጸጥታን ዝተመርኮሰ ነዊሕ ግዜ ዘጸንሕን ንኽልቲኦም ወገናት ዘርብሕን ስምምዓት ምፍጣር እዩ።

ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን ሕቶ፥ ብታሪኽ ጌጋ ጥራይ ኣይኮነን። ብሕጊ ዘይከኣልን ብፖለቲካ ድማ ዘይምርግጋእ ዘፈጥርን እዩ።

ኢትዮጵያ ኣብ 1898 ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኮይና ተመስሪታ። ን39 ዓመታት ኤርትራ ብሓይሊ ኀቢጣትሉ ዝነበረት እዋን ጥራይ እያ ባሕሪ ኣመሓዲራ። ኣብ 1991 ድማ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ኮይና ኣብ ንቡር ኩነታታ ተመሊሳ። ዘመናዊ ዓለምለኻዊ ሕጊ ነዚ ኩነታት'ዚ ዓቕሚ እንተ'ሎካ'ውን ብሓይሊ ከይቅየር ይከላኸል። **ናይ መጻኢ እንኮ ምርጫ ኢትዮጵያ ብስምምዕ ኣገልግሎት ንግዲ ምውሓስ ጥራሕ እዩ። ኣብዚ ዘመን'ዚ ልኡላዊ ግዝኣት ባሕሪ ክትረኽብ ኢልካ ምሕሳብ ካብ ሕልሚ ተፈልዩ ዝርአ ኣይኮነን።**

ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

ሕዱር ፍልጠት ሕዱር ሕማም ምስ ዝኸውን



ክኢላ ይጋገዩ፧ መኣስ ይጋገ፧

ኣብዚ እዋን'ዚ ምሁር ጥራይ ምኻን ኣኻሊ ኣይኮነን። ክኢላ፡ ናይ ክኢላ ክኢላ፡ ወ.ዘ.ተ ዝብል መዐቀኒታት ተመኵሮን ምልከትን ሞያኡ ዘይብሉ ሰብ ካብ ውድድር ብቐሊሉ ዝእለየሉ ዘሎ እዋን እዩ። ክኢላ፡ ኣብ ሓደ ዓውዲ ንነዊሕ ግዜ ብኣድህቦ ብምዕያይን ካብ ተመኩሮ ብምምሃርን ዝብጻሕ ደረጃ ብቕዓት እዩ። ስነ ሓሳባዊ ፍልጠት 'ክኢላ' ንምኳን መንጸፌ ባይታ እዩ፣ መተካእታ ክእለት ክኸውን ግን ኣይክእልን። 'ክኢላ'፡ ስነ ሓሳባዊ ፍልጠትን ግብራዊ ተመኵሮን ዘጣመረ መዓርግ እዩ። ናይ ዝኾነ ዓውዲ ምልከት ኣጥሪና ክኢላ ክንከውን ኣስታት 10,000 ልምምድን ግብራዊ ትምህርትን ክነዋህልል ከም ዘድሊ ደራሲ መጽሓፍ 'ኣውት ላየርስ' ማለከም ግላድወል ይገልጽ። እዚ ናብ መዓልታት ክቕየር እንክሎ፡ ኣብ መዓልቲ 4 ሰዓታት ልምምድ እናኣካየድና፡ ክእለትና ከነዕቢ ዓሰርተ ዓመታት ይሓትተና። እዚ ቍጽራዊ ቅማረ'ዚ ብገለ ተመራመርትን ጸሓፍትን ተጻራሪ ሓሳብ ቀሪቡሉ እኳ እንተኾነ፡ ብሓጺር ግዜን ውሑዱ ጻዕርን ዝብጻሕ ምልክን ክእለትን ናይ ሞያ ከም ዘየለ ግን ኩልና እንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ።

ክኢላ ንምኳን ዝግበር ልምምድን ግብራዊ ትምህርትን ኣእምሮና ምስ ውህሉል ፍልጠት ክወሃሃድ ይሕግዝ። ንኣብነት ፈለማ ብኮምፒዩተር ምጽሓፍ ክንመሃር እንክለና ኣጻብዕትናን ኣዒንትናን ኣብ ኪቦርድ'ዩ ዝትከል። ምስ ብዙሕ ልምምድ፡ ኣጻብዕትና እናፎኸሰን ኣዒንትና ከኣ ካብ ኪቦርድ ናብ ስክሪን ኣድህቦኡ እናቐየረ ይኸይድ። እዚ መስርሕ'ዚ ንሓደ ነዊሕ ዓመታት ብኮምፒዩተር ዝጸሓፈ ሰብ ብኢድ ካብ ምጽሓፍ ንላዕሊ ይቐለሉ። ኣብ ኪቦርድ ዘለዋ ፊደላት ኣበይ ከም ዘለዋ እናዘከረ ክጽሕፍ ኣየድልዮን'ዩ፣ ምኽንያቱ ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮና ብግቡእ ስለ ዘስንዶ፡ ኣጻብዕቱ ንዝኸረት ከይተወከሰ ብትሕተ ንቑሕ ኣእምሮኡ ተመሪሑ ስራሑ ክሰላስል ስለዝኽእል። ጀማሪ ተመሃራይ ግን ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮኡ ገና ስለዘተማህረ ዘዘኪሩ ክጽሕፍ ግዜ ይወስደሉ። ኣብ ኵሉ ሞያ ምልኪን ክእለትን ከነዕቢ ምስ እንደሊ ብተመሳሳሊ መስርሕ ኢና እንሓልፍ። ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮና ንተደጋጋሚ ንጥፈት ብዘይ ኣእምሮኣዊ ሃልኪ ክንዓሞ ዝሕግዝ ክፋል ኣእምሮና እዩ። ተደጋጋሚ ብዝተለማመድናሉ መንጽር ፡ ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮና ይበልሕ እሞ ምልክን ክእለትን ነዕቢ። ሓደ ዓመት መኪና ዝመርሐን ዓሰርተ ዓመት መኪና ዝመርሐን ተመሳሳሊ ፍልጠት ክህልዎም ይኽእል እዩ፣ እቲ ዓሰርተ ዓመት መኪና ዝመርሐ ግን ዝያዳ ክእለትን ምልክን ምምራሕ ኣሎዎ።

ምልክን ክእለትን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ፡ ክብደት ስራሕ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናቐለል እዩ ዝኸይድ። ጐድኒ ጐድኒ ከኣ ባህርያውን ስምዒታውን ለውጥታት ይረአ። ርእሰ ተኣማማንነት፡ ነብሰ ክብርን፣ ዝተዛነየ ስምዒታት፣ ናይ ምብህሃልን ሓሳብካ ብንጹር ናይ ምግላጽን ክእለት፡ ወ.ዘ.ተ ይብርኽ። ክኢላ፡ ኩሉ ሰብ ስለ ዝፈትዎ፡ ዘኽብሮን ዝደልዮን፡ ሞያውን ማሕበራዊ ዝምድናኡን'ውን ክብ ይብል'ዩ። ሞያዊ ምልክን ክእለትን ምዕባይ ኣገዳሲ ደኣ ይኹን እምበር፡ ብመረዳእታን ሞራልን ምስ ዘይስነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ልዑል ርእሰ ተኣማማንነት ዘስዕቦ ኣነነት፡ ሸለልትነት፡ ርእይቶን ነቐፌታን ናይ ምቕባል ጸገም፡ ወ.ዘ.ተ ካብቶም ዝረኣዩ ኣሉታዊ ባህርያት ክኢላታት እዮም። ኣሉታዊ ባህርያት ክኢላታት፡ ብሰንኪ ልዑል ልምምድ፡ ምልኪን ክእለትን ዝሰዕብ ዘይኮነ ናይ ስራሕ ሃዋሁው፡ ኵነታትን ባህርያት ሰብን ዘስዕቦም ጸገማት እዮም።

ፍጹም ሰብ ዝበሃል ስለዘየለ ዝኾነ ሰብ ጌጋ ክፍጽም ባህርያዊ እዩ። ብስነ ሓሳባዊን ግብራውን ፍልጠትን ተመኵሮን ዝዓጠቐ ሰብ ኣብ ስራሑ ናይ ምግጋይ ተኽእሎኡ ይትሕት። ልምምድን ምልክን ስራሕ፡ ኵነታት ስራሕ ከነጽንዕን ቅድመ ምድላው ክንገብርን እዩ ዝሕግዝ። ክኢላ እምበኣር ክልተ ዓይነት ጌጋ ክፍጽም ይኽእል፣ ሓደ፡ ከም ኩሉ ሰብ 'ፍጹም' ብዘይ ምኳኑ ዘጓንፍ ንቡር ጌጋ ክጋገ ይኽእል፣ ክልተ፡ ብሰንኪ 'ክኢላዊ ኣድልዎ' ዝግበር ጌጋ እዩ። "ለባም ክጋገ መራግእቲ ነገድፍ" ከም ዝበሃል፡ ክኢላ ብሰሪ 'ክኢላዊ ኣድልዎ' ምስ ዝጋገ፡ ካብቲ ዘይክኢላ ሰብ ንላዕሊ ከዕኑ ይኽእል። ናይ ክኢላነት ኣድልዎ፡ ፍልጠት፡ ተመኵሮን ምልኪን ናይ ሞያ ንብልሓዊ ኣእምሮ ምምጋብ ሓሊፉ 'ንኢጎ' (ዝተጋጋነነ ነብሰ ክብሪ) ክምግብ ምስ ዝጅምር እዩ ዝብገስ። ምስ ምብዛሕን ምዕማቕን ፍልጠትን ክእለትን፡ ሓደ ሰብ ኵሉ ክእለትን ፍልጠትን ክድልብ በዳሂ ኮይኑ ይርከብ። በዚ ምኽንያት ናይ ዝተፈላለየ ዓውድታት ክኢላታት ክፈርዩን ክዓብዩን ዘድሊ። ዝተፈላለዩ ሰባት ብዝተፈላለየ ዓውድታት ክእለት ምስ ዘዕብዩን ተመላሊኦም ዝሰርሑን፡ ኪንዮ ውልቃዊ ጥቕሚ፡ ዓቢ ማሕበረ ቍጠባዊ ኣገዳስነት ኣሎዎ። እዞም ክኢላታት ክተሓባበሩ ምስ ዘይደልዩኸ፧ ነቲ ክኢላታት ክኾኑ ዝደረኾም ዕላማ ገዲፎም ብኢጎኦም ምስ ዝድረቱኸ፧

"ብብቕዓት ዝዳረጎ የለን፡ እንታይ እሞ ክዓብስ ካብ ገጹ ክትርኢ ክትመውት ይሓይሽ፡" "ብዘይ ብኣኣ ዝሰራሕ የለን፣ ስራሕ ደቒቅ ኣየጽንሓን እዩ፣ መዓስ ስራሕ ምስ ኣተወት እያሞ ክሰልጠካ፡" እናበልና እንሓምዮም ክኢላታት ኣጋጢሞምና ይኾኑ እዮም። ኣብ ልዕሊ ፈላጣትን ክኢላታትን ሰባት ልዑል ትጽቢት ስለ እነንብር፡ ኣሉታዊ ባህርያቶም ተጻዋሪ ኣይገብሮን። ይኹን እምበር፡ ብዘይ ብኣኣቶም ክሰራሕ ስለዘይከኣል፡ ኣራሚ ስጉምቲ ክውሰደሎም ኣጸጋሚ ይገብሮ። "ወጮ ተገምጠልካዮ ወጮ" እዩ! ብዙሓት ትካላትን ሃገራትን በዚ ብድሆ ዝሳቐያ ግዲ ሃልየን 'ምሕደራ ክኢላዊ ዓቕሚ' እዋናዊ ዓውደ ትምህርትን መዛተዩ ኣርእስትን ኮይኑ ይርከብ። ክኢላዊ ዓቕሚ ሕብረተሰብ ካብ ባህሊ፡ ክብርን ስነ ምግባርን እቲ ሕብረተሰብ ስለዝወጽእ፡ ብዓንደ ርእሱ ኣዕኑድ ሕብረተሰብ ምድልዳል ኣገዳሲ እዩ። ካብ ቻይና ዝመጽኡ ክኢላታት ሓሳቦም ናይ ምሕባእ ባህሪ ኣለዎም እዚ ባህሪ'ዚ፡ ጽንኩር ማሕበረ ቍጠባውን ፖለቲካውን ኵነታት ሕብረተሰቦም ዘበገሶ ባህሪ ከይኮነ ኣይተርፍን። ብኣንጻሩ ካብ ኢጣልያ ዝመጽኡ ክኢላታት ፍልጠቶም ኣይበቕዑን እዮም። እዚ'ውን ባህልን ማሕበረ ቍጠባዊ ድሕረ ባይታ ህዝቢ ኢጣልያ ምስ እንዕዘብ ምትእስሳር ኣለዎ። ክኢላታት ኤርትራኸ ከመይ ይመስሉ፧

ዓቕሚ ሰብ ልክዕ ከም ካልእ ጸጋታት እዩ፣ ምስ ዘውሕድ ጠንቂ ምዝመዛ ክኸውን ይኽእል። ክኢላዊ ኣድልዎ ክነጕድል ምስ እንደሊ እምበኣር ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ክፈርዩ ኣገዳሲ ይኸውን። ክኢላዊ ኣድልዎ፡ ብፍላይ 'ሸለልትነት'፡ ትሑት ትካላዊ ቍጽጽር ከበግሶን ንነዊሕ ትካልን ተገልገልትን ከም ዘሳቕ ክገብሮን ዕድል ክህብ ይኽእል። ሓደ ክኢላ ብውልቃዊ ተበግሶኡ ሞያዊ ስነ ምግባር ክሕሉ ይኽእል እዩ፣ ይኹን እምበር ትካል፡ ክኢላታት ብብቕዓት ክዓዩ ዝድርኽን ከዘኻኽርን ትካላዊ ኣሰራርሓን ባህልን ከማዕብል ሓላፍነቱን ግዴታኡን እዩ።

ትካላዊ ኣሰራርሓን ባህልን፡ ሕግን ስርዓትን፡ ወ.ዘ.ተ ብዘይ ተገዳስነትን ሓላፍነትን ውልቀ ክኢላታት፡ ዝምስገን ለውጢ ክምጽእ ኣይክእልን፣ ስለዚ እቲ ዝዓበየ ስራሕ፡ ሞራልን ስነ ምግባርን ክኢላታት ኣብ ምዕባይ እዩ ክሰራሕ ዘሎዎ። ክኢላ ጌጋ ናይ ምፍጻም ተኽእሎኡ ክጕድል እምበር ክወግድ ከም ዘይክእል ኣሚኑ ወትሩ ልምምድ፡ ቅድመ ምድላውን ሞያዊ ዕቤትን ክገብር ይግባእ። ኵሉ ሰብ በቲ ዝተማህሮን ዝተመኰሮን ክኢላ ምኳኑ፡ ብዘይ ናይ ካልኦት ሞያታት ኣበርክቶ ክምዕብል ጥራይ ዘይኮነስ ክነብር'ውን ከም ዘይክእል ምእማንን ሞያዊ ክብሪ ምዕባይን የድሊ። ኵሉ ሰብ፡ ክኢላ ከይተረፈ ክትካእ ይኽእል እዩ። ስለዚ ነቲ ዝትካእ ክእለትናን ብቕዓትናን ኣሚንና ነቲ ዘይትካእ ክብርን ፍቕርን ሕብረተሰብ ኣይንኽሰር።

'ምናልባት' ህይወት የድሕን!

ኣተዋ ገዋንደ ኣብ ቦስተን ዝርከብ ሆስፒታል 'በርግመል ዉመን' ዝሰርሕ ክኢላ መጥባሕቲ እዩ። ሓደ ካብ መዓልታት ኣብ ጥቓ ጸላም ከብዱ መንሸሮ ዝወጽኣቶ ተሓካሚ መጥባሕቲ ክገብር ተዳለወ። ዶክተር ኣተዋ፡ ተመሳሳሊ መጥባሕትታት ንነዊሕ ግዜ ዘካየደ ክኢላ'ዩ። ናይታ መዓልቲ እቲኣ መጥባሕቲ ግን ፍሉይነት ነበራ። እቲ ካንሰር፡ ናብ 'ሽናኬሻ' ዝበሃል ዝዓበየ መትኒ ደም (ካብ ምሉእ ኣካላትና ናብ ልቢ፡ ደም ዘመሓላልፍ) ተጸጊዑ ምንባሩ እዩ። ኣትዋ፡ እቲ መጥባሕቲ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት ምኻኑ ተረዲኡ፡ ነቲ መባሕቲ ብልዑል ኣድህቦ ክካይድ ጀመረ። መጥባሕቲ ብዓወት ክዛዘሞ ኣብ ኣጋ ምቕራቡ ግን ነቲ መትኒ ናይ ደም ተንከፎ እሞ ቀዳድ ተፈጥረ። እቲ ኣብ መጥባሕቲ ዝኣተወ ተሓካሚ፡ ሰለስተ ርብዒ መጠን ደም ናይ ሰውነቱ ኣብ ከብዱ ተፈርሸሐ። ኣተዋ ህይወት ተሓካሚኡ ንምድሓን ልቡ ብኢዱ እናጸቐጠ ደም ከም እትጭንጕዕ ክገብር ጀመረ። ይኹን እምበር ብዙሕ ደም ስለ ዝፈሰሶ ክልተ ግዜ ደውታ ልቢ ኣጋጠሞ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ናይ ኣተዋን ብጾቱን ግን እቲ ተሓካሚ ብህይወት ሰረረ። እዚ ፍጻመ ንእለቱ ተጋወሐ፣

"ሓደ ሓኪም ኣብ እዋን መጥባሕቲ ጌጋ ፈጺሙ፣ እንተኾነ ጌጋኡ ብኣጋ ብምጽጋን ህይወት ሰብ ኣድሒኑ። ሰብ ጌጋ ክገብር ንቡር እዩ! ዋላ እቲ ክኢላ ዝበሃል ሰብ ከይተረፈ ጌጋ ክፍጽም ይኽእል'ዩ። እቲ ዝድለ ንጌጋና ብኸመይ ነዐርዮ እዩ፡"

... ዝብል እወታዊ ርእይቶ ዝሓዘ ጽሑፋት ተጻሕፈ። ብልሒ፡ ክእለትን ብቕዓትን ናይቲ ሓኪም ተመጒሰ። ኣተዋ፡ ኣብቲ ዘጓነፈ ኵነታት ዝተፈልየ ኣጠማምታ እዩ ዘሎዎ። ኣተዋን ብጾቱን ቅድሚ መጥባሕቲ ምግባሮም ብዛዕባቲ መጥባሕትን ኵነታት ተሓካማይን ዘተ ኣካይዶም እዮም። እቲ ካንሰር ኣብ ጥቓ ሓደ ካብ ዓበይቲ መትንታት ናይ ደም ብምህላዉ፡ ልዑል ጥንቃቐ ከም ዘድሊ ተረዳድኡ። 'ምናልባት' ዝኾነ ጌጋ ምስ ዝፍጸም፡ ክስዕብ ዝኽእል ልዑል ምፍሳስ ደም ንምክልኻል ከኣ ተወሳኺ ከረጺታት ደም ክዳሎ ተሰማምዑ። ዶክተር ኣተዋ፡ ህይወት ተሓካሚኦም ዘደሓነሉ ምኽንያት፡ ክኢላታት ሓካይም ስለዝነበሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጌጋ ከጋጥም ከም ዝኽእል ኣሚኖም፡ ዝገበርዎ ቅድመ ምድላው ምኻኑ ይገልጽ። ኣተዋን ብጾቱን፡ ቅድሚ መጥባሕቲ ምጅማሮም ንስራሖም ዘማእዝን መቈጻጸሪ ዝርዝር (ቸክሊስት) ብብሓደ ከይፈተሹ ስራሖም ከም ዘይጅምሩ ይነግር። "ክኢላ ልክዕ ከም ተራ ሰብ ክርስዕ፡ ክስልክዮን ጌጋ ክፍጽምን ይኽእል እዩ፡ መቈጻጸሪ ዝርዝር ከኣ ነዚ ዓይነት ጌጋታት ኣብ ምጕዳል ከገልግል ይኽእል፡" ብምባል ኣገዳስነት መቈጻጸሪ ዝርዝር ይሕብር። ልዕሊ ኩሉ ነገር ዘዘኻኽሮ ግን "ጌጋ ከጋጥም ይኽእል እዩ፡" ዝብል ኣተሓሳስባ ዝያዳ ቅድመ ምድላው ክንገብር ስለዝድርኽ፡ ጌጋ ንኸየጋጥም ዝያዳ ክንከላኸልን ምስ ዘጋጥም ከኣ ብኣጋ ክንፈትሖን ከም ዝሕግዝ ካብ ተመኵሮኡ የማኽር።

ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ጀሚሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምኽንያት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ፡ ንኣርባዕተ ሰናብቲ ዝቕጽል ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ብ26 ጥቅምቲ ብውዕወዕ መንፈስ ጀሚሩ።

ኣብቲ ዕለት ቀዳሞም ውድድራቶም ዘካየዱ ቀዳማይ ዲቪዥን ኮይኖም፡ ቀዳማይ ዳዊት ባህታ፡ ካልኣይ መሲ ተስፋጋብር፡ ሳልሳይ ሰረክ ጎይትኦም፡ ብምኻን ውድድራቶም ዛዚሞም።

ቀጺሉ ተወዳደርቲ ካልኣይ ዲቪዥን ኣብ ዘካየድዎ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ዳዊት የውሃንስ፡ ሳሚኤል ከሰተ፡ ሳሚኤል ተስፋልደት ዕወታት ብምኻን ተሸሊሞም።

ሳልሳይ ደቪዥን ኣብ ዘካየድዎ ውድድር ድማ፡ መልጌታ ገብረመድህን፡ ኣቤል ገብረስላሰ ሄርሞን ዳንኤልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ድሕሪዚ ውድድርም ዘሰላሰሉ ተወዳደርቲ ራብዓይ ዲቪዥን ድማ ተኣኪቦም ናብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ብምብጻሕ፡ ለዊ ሕሩይ ካብ መወዳደርቱ ጸቢሉ ብምባል ክዕወት እንከሎ፡ ሄኖክ ብሩኽን ዳይሞን ተኸስተን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ብምኻን ኣሰሩ ሰዒቦም ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳዳሚት ትምኒት ዓንደብርሃን መወዳደርታ ኣብ ግዜኣን ክርከብ ብዘይምኽኣለን ንበይና ብምውድዳር ናይቲ ዕለት ተዓዋቲት ኮይና።

ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል - ግጥም ኵዕሶ እግሪ ካልኣይ ዙርያ ሎሚ ክፍልም እዩ

ኣብ መዛዘሚ ቀዳማይ ዙርያ፡ ኣሰር እተን ኣቐዲመን ምሕላፈን ዘረጋገጻ ሳብርን ዋልታን ንምስዓብ ብሰሩይ ኣብ ዝተኻየደ ክልተ ግጥማት፡ ኣቡሓዚ ንዒታር ዓዲማ 3-ብ2 ተዓዊታ።

ዒታሮ ብሸቶ ኤርሚያስ ሃብቶም መሪሓ ናብ ዕረፍቲ እንተ ኣምርሐት፣ ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ብመንገዲ ሳልማን ኣሕመድ ካልኣይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ንጸወታ ዝተዓወተትሉ መሰለት። እንተ ኾነ ኣቡሓዚ ብመንገዲ ይከኣሎ የውሃንስ ሸቶ ብምርካብ ንወጽኢት ኣጸበበቶ። በዛ ሸቶ ፍናን ዝረኸቡ ተጻወትቲ ኣቡሓዚ፡ ሕጂ'ውን ንጸወታ ብምዕባል፡ ብመንገዲ ይከኣሎ ኣብ ውሽጢ 10 ደቒቕ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ካብ ድሕሪት ተበጊሶም ተዓዊቶም። በዚ ድማ ናብ ካልኣይ እግሪ ሓሊፎም።

ብሉጽ ተጻዋታይ ኣቤል ወልደማርያም ካብ ሂምቦል

ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ናይ ፈለማ ሃትሪክ ዝሰርሐ ይከኣሎ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙ። ንልዑል ኣመዝጋቢ ሸቶ ድማ ብሸውዓተ ሸቶታት ይመርሖ።

ድሕሪኡ ናብ ዝቕጽል ውድድር ንምሕላፍ ዝተራኸባ ጋንታታት ሂምቦልን ዓራግን ዘካየድኦ ጸወታ ውዑይ ነይሩ። እቲ ግጥም፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ዘይተራእዮ ኮይኑ፣ ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ሂምቦል ብመገዲ ኣቤል ወልደማርያም ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ሳልሳይ ደረጃ ዓቲባ ምሕላፋ ኣረጋጊጻ። ዝሓለፈ ዓመት ጉብለል ዝነበረት ዓራግ፡ ናይ ዓሚ ክብራ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። ኣቤል ወልደማርያም፡ ንሸቶታቱ ናብ ሽዱሽተ ክብ ብምባል ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተረቑሑ።

ኣብ ውድድር ካልኣይ ዙርያ፡ ሎሚ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ዋልታ ምስ ሂምቦል ሳብር ምስ ኣቡሓዚ ግጥማተን ከካይዳ እየን።

ራብዓይ ዙር ግጥማት ካራባኦ ካፕ ተዛዚሙ

ኣብ ውሽጢ'ዚ ሰሙን ራብዓይ ዙርያ ግጥማት ካራባኦ ካፕ ካብ ዘካየዳ ጋንታታት፡ ኣርሰናል፡ ቸልሲ፡ ኣስቶንቪላን ካልኦትን ዝርከባኦን ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ናብ ዝቕጽል ውድድር ካብ ምሕላፍ ከም ዝተዓንቀጻ ርጉጽ ኮይኑ ኣሎ።

በዚ መሰረት ሊቨርፑል ንቸልሲ ብፍጹም ቅላዕ ድሕሪ ምስዓራ፡ ናብ ዝቕጽል ሓሙሻይ ዙር ግጥማት ካራባኦ ካፕ ንምሕላፍ፡ ምስታ ኣንጻሪ ኣራተኣ ቅድሚ ናብ ሊቨርፑል ምምጽኡ ዘሰልጥና ዝነበረ ክሉብ ቦርንማውዝ ክትፋጠጥ እያ። ቦርንማውዝ ኣብ ዝሓለፈ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ንሊቨርፑል 3-ብ0 ስዒራ ናብዚ ምዕራፍ ምሕላፋ ይፍለጥ።

ኣብ ታሕተዋይ ደረጃታት ዓዲ እንግሊዝ እትነጥፍ ብሬንትፎርድ'ውን እንተኾነት ንቼተርፐሮ 2-ብ0 ብምስዓር፡ ናብዚ ዙርያ ምሕላፉ ዘረጋገጸት ጋንታ'ያ። ይኹን እምበር ብሬንትፎርድ ናብታ ኣብ ሰለዳ ፕሪመር ሊግ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ተሰሪዓ እትርከብ ማን. ሲቲ ተጻዊዛ እተካይዶ ጸወታ ተሰሪዑላ ብምህላው ከቢድ ብደሆ ይጸበያ። ሲቲ ንብራይተን ብፍጹም ቅላዕ 4-ብ3 ስዒራ'ያ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፋ ዘላ።

ጋዜጣ ኣብ ሕቶመት እንክላ ጸወታኣን ዘካይዳ ጋንታታት ኤቨርተንን ኒውካስትልን ካብ ክልቲኣን ዝሓለፈት ድማ ምስታ ንሻምፕዮን ኣርሰናል ስዒራ ምሕላፋ ዘረጋገጸት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዓዲ እንግሊዝ እትነጥፍ ፍሊትውድ ታውን እያ ክትጋጠም።

ኣብ መንጎ ክልተ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ዝጋበር ፍሉጥን ተበላጺ ናብ ሓሙሻይ ዙርያ ካራባኦ ካፕ ንምሕላፍ ዝጋበር ግጥም እንተ ሃልዩ ድማ፡ እቲ ንክሪስታል ፓላስ ምስ ሳንደርላንድ ዘራኽብ ጸወታ'ዩ ክኸውን። በዚ መሰረት ፓላስ ኣብ ሜዳኣ ንሳንደርላንድ ክትዕድማ እያ። ንዓበይቲ ጋንታታት ኣላሽ ኣቢለን ኣብዚ መድረኽ ዝጸንሓ ንኣሽቱ ጋንታታት ድማ፡ 14 ታሕሳስ ዘጸምርቓኦ ጸወታ ብኣግኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ኽቕሪ እዩ።

"ንጋሪ ኔቪል ክቐትሎ ደልየ ነይረ" ካርሎስ ቴቬዝ

ኣርጀንቲናዊ ኮኾብ ነበር ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድን ሲቲን ካርሎስ ተቬዝ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ምስቲ ሓለቓ ጋንታ ዩናይትድ ዝነበረ ጋሪ ኔቪል ዝነበሮ ከቢድ ጽልኢ ኣመልኪቱ ሓደሽቲ ኣደንጻዊን ቃላት ኣውጺኡ። ቴቬዝ እቲ ጉዳይ ካብ ዩናይትድ ብቐጥታ ናብታ መቐናቕንቲ ዩናይትድ ዝነበረት ሲቲ ንክጽንበር ልዑል ግደ ከም ዝነበሮ ዝገለጸ ምጥቃም መብጽዓ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ብምትእስሳር ድማ'ዩ እዩ እዚ ሓበሬታ ዝቃልሖ ዘሎ።

ተቬዝ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ዝኣተዎ ቃል ብምጥሓሱ ንማንቸስተር ዩናይትድ ራሕሪሑ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ንክስጋገር ምኽንያት ከም ዝኾነ ኣፍሊጡ። ኣብቲ ብሪዮ ፈርዲናንድ ዝተዳለወ መደብ ተረኺቡ ቃሉ ዝሃበ ተቬዝ ብድሕሪ'ቲ ምስግጋር ሰዓቡ ናይ ዝተፈጥረ ጽልኢ ክዛረብ እንከሎ፡ "እቲ ዝነበረ ኩነታት ክርእዮ ከለኹ፡ ንጋሪ ኔቪል ብቐጠባ ክቐትሎ ደልየ ነይረ!" ብምባል ስምዒቱ ገሊጹ።

ፈርጉሰን እዚ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ናይ ወትሩ ኣባል ዩናይትድ ንምግባር ቃል ኣትዩሉ ምንባሩ ዝጠቐሰ ቴቬዝ ድሕሪ ግዜ ግን እቲ ቃል ኣብ ግብሪ ከምዘይወዓለ እዩ ዝሕብር። እቲ ኩነታት ኣገዳሲ ከምዝቐጠየ ብምግላጽ፡ ኣብ መንጎ ተጻወትቲ ናይ'ታ ጋንታ ዘይምትእምማን ከኸትል ከምዝኸኣለ ኣሕቢሩ።

ዩናይትድ፡ ንቴቬዝ ካብ ዌስትሃም ብልቓሕ ድሕሪ ምምጽኡ፡ "ጽቡቕ ጸወታ ብምርኣይ ክትደምቕ እንተ ክኢልካ ድሕሪ ሓደ ዓመት ብቐዋምነት ክፈርመካ ኢና" ከምዝበሉዎ ዝጠቐሰ ቴቬዝ "ኣሌክስ ፈርጉሰን ንዓለ ውዕልካ ሕጂ ክፈለ ኣብ ዩናይትድ ከም ትጸንሕ ክገብር'የ" ኢሉኒ ነይሩ ክብል ብሰንኪ ምጥላም ቃሉ ካብታ ዝፈትዋ ጋንታ ከምዝተፋነወ ኣረዲኡ።

ካርሎስ ተቬዝ ምስ ጋሪ ኔቪል ብዛዕባ ዝነበረ ርክብ ክዛረብ ከሎ፡ "ሓደ እዋን ንጋሪ ኔቪል ክቐትሎ ደልየ ነይረ!" ብምባል ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ትርር ዝበለ ቁጠዐን ስምዒትን ኣቃሊሑ። እዚ ጽልኢ እዚ ድማ ኣብቲ መዕረፊ ጸወታን ልምምድን ዓቢ ወጥረት ፈጢሩ ምንባሩ ኣዘኻኺሩ።

ናብ ሲቲ ድሕሪ ምጽንባሩ ኣብ 2012 ድማ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለ ቴቬዝ ንኣሌክስ ፈርጉሰን "መንግስተ ሰማይ የዋርስካ "RIP Fergie" ዝብል ምልክት ዘለዎ ጽሑፍ ብምሕዳድ ዝፈጠሮ ጎንጺ ክሳብ ሎሚ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝተረኸቡ ማስተንክራዊን ስምዒታዊን ፍጻመታት ሓደ ኮይኑ ከም ዝዝከር ይንገር።

ዊናን ሕድሪን ብክልቲኤ ጾታ ናብ ፍጻመ ሓሊፈን

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ብኵዕሶ እግሪን መርበብን ኣብ ሜዳ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል ኣየር ቤይዝ ባጽዕ ቀጺሉ።

ብሰሉሱ ናይ ካልኣይ እግሪ ግጥማት ኣውዲቓ ምሕላፍ ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ። ዊና ንጹሓይ በርቂ 1-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ሕድሪን ሓለቦትን 0-ብ0 ብምፍልላየን ናብ ፍጻም ቅላዕ ኣምሪሐን። ሕድሪ ከኣ 3-ብ1 ተዓዊታ።

ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ጸወታ ኵዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ መሰረት ንጹሓይ በርቂ 3-ብ1፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ጹሓይ በርቂ ንሕድሪ 3-ብ2 ስዒረንኦን። በዚ ከኣ ጹሓይ በርቂ ብክልተኡ ጾታ ዋንጫ ዓቲራ። ጋንታ ደቂ ኣንስትዮ ሕድሪ ጋንታ ደቂ ተባዕትዮን ርኪት ድማ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሰን።

በዚ መሰረት ኣርያም ኣሮን ካብ ሕድሪ ኣምና ኢብራሂም ድማ ካብ ሓለቦት ነፍሲ ወከፈን 19 ሸቶታት ብምምዝጋብ ክመርሓ እንከለዋ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ናሆም ተኽለይ ካብ ሕድሪ ብ14 ሸቶታት ንዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ይቐልሶ ኣሎ።

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ እየር ኤርትራ ሎሚ ዓርቢ ዊናን ሕድሪን ብክልቲኡ ጾታ ኣብ ፍጻመ ግጥም ኵዕሶ እግሪ ክራኸባ እየን።

ኣርኖልድ ናብ ኣንፊልድ ይምለሰዶ ይኸውን፧

ኣብ መንጎ ሰዓብቲ እንግሊዝን ዓቢ ወፍሪ ኮይኑ ዘሎ ጉዳይ ትሬን ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታታትን ጋዜጣታትን ከም መዘረቢ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። መጻኢ ናይዚ እንግሊዛዊ ናይ የማን መስመር ተኸላኻላይ ምስ ሰዓብቲ ክሉብ ሪያል ማድሪድ ዘለዎ ብቐዓት ኣብ ሕቶ ስለዝወደቐ ድማ'ዩ ሓድሽ መግለጺታት ካብ ናብ ዝናፈስ ዘሎ።

ማድሪድ ንኣርኖልድ ኣብ ክረምቲ 2025 ካብ ሊቨርፑል ከምዝፈረመቶ ዝዝከር እዩ። ይኹን እምበር፡ እዚ ተጻዋታይ ካብኡ ዝድለ ረቛሒታትን ብቕዓትን ከማልእ ስለ ዘይምኽኣሉ ኣብታ ጋንታ ጸላዊ ተጻዋታይ ክኸውን ኣይተራእየን። በዚ መሰረት ኣሰልጣኒ ማድሪድ ሀዜ ምሞሪኖ ንኣርኖልድ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ናብ ሜዳ ንምውራድ እምነት የብሉን።

ጋዜጣ ኢይኤስ ከም ዝገለጾ፡ ብዙሓት ኣብራት ተጻወትቲ ሊቨርፑል ኣብዘን ዝሓለፋ ሓደት መዓልታትን ክሳብ ለይቲ ሎሚን እዚ ተጻዋታይ ናብ ናይ ቅድም ክለቡ ሊቨርፑል ክምለስ ጻውዒት ኣብ ምቕራብ ይርከቡ።

ሊቨርፑል ኣኮ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ገጹ ብቱዳይ ምምላስ ኣርኖልድ ናብ ሜዳ ኣንፊልድ ንደገፍቲ ማእከል ዝገበረ ሕቶ ኣስፊሩ ምንባሩ ዝጠቐሰ'ቲ ምንጪ፡ ፍርቂ ካብኦም ደገፍቲ ዝኾኑ ደገፍቲ ሊቨርፑል ኣርኖልድ ናብ ክለቦም ክምለስ ድሌቶም ምኻኑ

ኣረዲኦም። እዚ ይኹን እምበር 24 ሚእታዊት ካብኦም ደገፍቲ፡ ኣርኖልድ ናብ ጋንታኦም ክምለስ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ናይ መሲጋገሪ ባጀት ትሕቲ ዝበለ ምስ ዝኸውን ጥራይ ከም ዝቕበልዎ ኣፍሊጦም ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ፡ እቶም 29 ሚእታዊት፡ እቲ ተጻዋታይ ምስ ሊቨርፑል ክጸንሕ ዝነበሮ ፈተነ፡ ቡቲ ተጻዋታይ ተቐባልነት ብዘይምርካቡን ንጋንታኦም ሕቶኡ ሂቡዋ ናብ ማድሪድ ምቕንዑን ኣዝዩ ከምዝቖጠዖም ብምጥቃስ፡ ኣብ ልዕሊ ኣርኖልድ ቅሬታ ከም ዘለዎም ገሊጾም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እዚ እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ኣብ ሰዓብ ዝጸንሓሉ እዋን ብሰንኪ ውሑድ ናይ ምስላፍ ሰዓታትን ምስ ሀዜ ሞሪኖ ዘለዎ ድኹም ርክብን ሕቶታት ፈጢሩ ብምህላው፡ ኣብ ዝመጽእ ጥሪ ንዝኸፈት መስኮት ምስግጋር ሰጉምቲ ክወስድ ክደፋፍኦ ከም ዝኽእል ይንገር።

ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ሩስያ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ልዕሊ 600 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣውዲቓ

ፌደረሽን ሩሲያ፡ ንርእሰ ከተማኣ ዒላማ ዝገበራን ብለይቲ ካብ ዩክሬን ዝተላእካን 613 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ወቒዓ ከም ዘውደቐተን ኣፍሊጣ።
ኣመሓዳሪ ከተማ ሞስኮ ሰርጌ ሶብያኒን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቴሌግራም ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሓይሊ ኣየር ሃገሩ ነተን ነታ ከተማ ዒላማ ክገብራ ዝተላእካ ድሮናት፡ ካብ ምሸት ዝሓለፈ ረቡዕ ክሳብ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዝሰበረ ናይ ለይቲ ሰዓታት ጨሚቱ ከም ዘውደቐን ኣነጺሩ።
ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ ብወገኑ፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት ለይቲ፡

ኣብ መላእ ሃገሩ 1,214 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ከም ዘፅወ ኣመልኪቱ።
ኣብ ዝሓለፈ ማሰከረም'ውን፡ ሩሲያ ካብ ዩክሬን ንዝተላእካ ልዕሊ 1,600 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ወቒዓ ከም ዘውደቐተን፡ ምንጭታት ይሕብሩ።
እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሩሲያ ኣብ ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕትታት፡ ሓደ ሰብ ከም ዝተቐትለ፡ ሰበ ስልጣን ዩክሬን ሓቢሮም።
ሩሲያን ዩክሬንን ነቲ ዘካይዳኦ ዘለዋ ኲናት ብሰላም ደው ንምባል፡ ዝመጽእ ወርሒ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዳግማይ ዝርርብ ክካይዳ መደብ ከም ዘለወን'ኳ እንተ ሓበረ፡ ኣብ ነሓድሕደን ዘካይዳኦ መጥቃዕትታት ግና ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚሩ መለሱ ጻዕጺዑ ከም ዘሎ እየም ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ዘረድኡ።

ጀርመንን ጃፓንን፡ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን

ጀርመንን ጃፓንን፡ ኣብ ምምዕባል ጸላት ምክልኻል ክተሓጋገዛ ዘኽእለን ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ፡ ቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝ፡ ምስ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ጃፓን ኣብ ከተማ ቶክዮ ድሕሪ ዘካየዶ ዝርርብ እዩ ተበጺሑ።
እቲ ክልተኣዊ ስምምዕ፡ ክልተአን ሃገራት ዘመናውያን ነፈርቲ ኲናት ብሓባር ንምምዕባል ዘጠቓልል ምዃኑ፡ እቲ ቻንስለር ኣረዲኡ።
ጃፓን፡ ኣቐዲማ'ውን ተመሳሳሊት ነፈርቲ ንምፍራይ ኣቐዲማ ምስ ብሪጣንያን ኢጣልያን ስምምዕ ኩቲማ ከም ዝነበረት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።
እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጀርመንን ጃፓንን፡ ኣብ ምምዕባል ንግድን ቴክኖሎጂን ክተሓጋገዛ ምዃነን፡ ኣብ'ቲ ዘካየዳኦ ዝርርብ ኣፍሊጠን ኣለዋ።
እቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ጀርመን ቁጠባዊ ዝምድናኣ ኣብ ዞባ ኤሲያ ንምስፋሕ ክሕግዛ ከም ዝኽእል፡ ተዓዘብቲ ይእምቱ።

ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን 13 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ትምድብ

ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን ናይ 13 ቢልዮን ዶላር ተወሳኺ ቁጠባውን ወተሃደራውን ሓገዝ ከም እትሀብ ኣፍሊጣ።
ብሪጣንያ ነቲ ንዩክሬን እትህቦ ቁጠባውን ወተሃደራውን ድጋፍ፡ ብመልክዕ ልቓሕን ሓገዝን ከም ዝኸፋፈለቶ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኣንዲይ በርንሃም፡ እቲ ሃገሩ ንዩክሬን እትህቦ ሓገዝ፡ ክሳብ ሕጂ ነታ ሃገር ካብ ዝተዋህበ ተመሳሳሊት ሓገዛት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ኣነጺሩ።
ጸሓፊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ኤድ ሚሊባንድ ድማ፡ እቲ ሃገሩ ክትህቦ ወሲና ዘላ ሓገዝ፡ ዩክሬን ህጹጽ ድሌታታ ንኸተማልእን ቁጠባኣ ንኸተረጋግእን ክሕግዛ ከም ዝኽእል ገሊጹ።
ክሳብ ሕጂ፡ ብሪጣንያ ንዩክሬን ናይ 47 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራውን ፋይናንስያውን ድጋፍ ገይራትላ ከም ዘላ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሩስያን ታንዛንያን፡ ሓባራዊ ናይ ጠፈር መደብ ኣበጊሰን

ፌደረሽን ሩሲያን ታንዛንያን፡ ሓባራዊ ናይ ጠፈር መደብ ንምብጋስ ከም እተሰማምዓ፡ ትካል ጠፈር ሩሲያ 'ሮስኮስሞስ' ሓቢሩ።
ሩሲያ ኣብ ምምስራትን ምምዕባልን ትሕተ ቅርጺ ናይቲ ኣብ ታንዛንያ ዝቐውም ሃገራዊ ትካል ጠፈር ክትሳተፍ ምዃና ድማ ተገሊጹ ኣሎ።
ታንዛንያን ትካል ጠፈር ሮስኮስሞስን፡ ስትራተጂያዊ ምሕዝነቶምን ምትሕብባሮምን ንምድንፋዕ ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣብ ሞስኮ ዝካየድ ዘሎ ኣኼባ መራሕቲ ሩሲያን ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ናይ መዘክር ስምምዕ ምኽታሞም ተሓቢሩ ኣሎ።
ብመሰረት ሮስኮስሞስ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ታንዛኒያ ናይ ባዕላ መንኮርኮር ጠፈር ንምምዕባል ልዑል ድሌት ዘለዋ ኮይና፡ ሩሲያ ድማ ናይ ታንዛንያ ናይ መጀመርያ ሳተላይት፡ ኣብ ዝመጽእ መጋቢት ናብ ጠፈር ክትውንጭፍ እያ።
ብተወሳኺ፡ እቲ ሩሲያዊ ትካል ጠፈርን ታንዛንያን ናይ ሳተላይት ሓበሬታ ክለዋወጡ ክሰማምዑ እንከለዉ፡ እታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ከኣ ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሩሲያ ብዛዕባ ጠፈር ዘጽንዑ ተመሃሮ ክብ ንምባል መደብ ከም ዘለዋ ምሕባራ ተገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ኣካይዳ

ትማሊ ሓሙስ፡ ሰሜን ኮርያ ከባቢ 10 ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናብ ምብራቓዊ ጥምዝምዝ ባሕሪ ከም ዝወንጨፈት፡ ደቡብ ኮርያ ሓቢራ።
እቲ ምውንጫፍ ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ምትፍናን ክልተአን ኮርያውያን ሃገራት ኣብ ዝኸረሉ ዘሎ እዋን እዩ ተኻይዱ።
እቲ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ካብ ምብራቓዊ ጥምዝምዝ ባሕሪ ሰሜን ኮርያ ድሕሪ ምውንጫፉ ን250 ኪሎ ሜተር ከም እተገዓዘ ተገሊጹ ኣሎ።
ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ሰሜን ኮርያ ልዑል ምክትታል ተካይድ ምህላዋ፡ ምስ ኣመሪካን ጃፓንን ከኣ ኣድላዪ ሓበሬታ ትለዋወጥ ከም ዘላ ኣፍሊጣ።
ደቡብ ኮርያ ወሲኻ፡ እቲ ሰሜን ኮርያ እተካይዶ ዘላ ተደጋጋሚ ምውንጫፍ ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ንውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ "ተሸታቲ" ዝበሎ ንጥፈታታ ከቋርጽ ጸዊዓ።
ዝሓለፈ ወርሒ፡ ብፍንጀራ እቲ ካብ ህላወ ሰራዊት ክልተአን ሃገራት ናጻ ኣብ ዝኾነ ዞባ ዝተጻወደ ነታጒ ሰለስተ ወተሃደራት ደቡብ ኮርያ ድሕሪ ምቑሳሎም፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት ዝጸንሐ ቅርሕንቲ መለሱ ከም ዝበኣሰ ይፍለጥ።
ሶውል፡ ሰሜን ኮርያ ነቲ ሓደጋ ዘውረደ ፍንጀራ ነታጒ ይቕረታ ክትሕተተሉ ዝጸውዐ ምዃኑ'ኳ እንተ ገለጸት፡ ፕዮንግያንግ ግና ነቲ ዝቐረበላ ክሲ ነጺጋቶ ኣላ።
ሰሜን ኮርያ፡ ኣብዚ ዓመት እዚአ ጥራሕ ልዕሊ 10 ግዜ ፈተነ ሚሳይል ኣካይዳ ከም ዘላ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ኣድራሻ	ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሩታ	30/10/2026	ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና 131-7 ቁ.ገዛ 2 ጥቓ ቤተክርስቲያ በዓለዝጊሄር	07158556

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services